# እንቕዋዕ ናብ ጥሊያን ብደሓን መጻእኩም

WELCOME TO ITALY



ግንቦት 2018

## መወከሲ ን ሓተቲ ዑቅባን ሳገምቲን

Tigrinya

# እንቅዋዕ ብሰላም መጻኹም
# ናብ ሃገረ ጥሊያን ከሙኡውን
# ናብ ኤውሮፓ !

እዚ መወከሲ እዚ ኣብ ግንቦት 2018 ዝተሓደሰ ኮይኑ እዚ መወከሲ ኣብ ኢድኩም ኣብ ዝበጽሓሉ እዋናት ገለ ገለ ለውጥታት ክህሉ ንቡር እዩ ። ብዝኮነ ይኹን ግን እቲ መሰረታዊ መሰላትኩም(ኣብዚ መወከሲ ተዘረዚሮም ዘሎዉ ) ዝኾነ ለውጢ የብሎምን ።

ነዚ መውከሲ ብሽፊልን ብሰፊሕን ንምንባቡ ምስ ዝድለ ብጥልያንን ብኻሎኦት ዝተፈላለዩ ቅዋንቓታትን ኣብ www.w2eu.info ዝብል መርበብ ናይ ኢንተርነት ብምኽፋት ክርከብ ይካኣል ኢዩ ።

በተወሳኺ ናይዚ ኣገዳሲ ሓበሬታ ካብዚ መወከሲ ትረኽብዎ ኣብ ምዕራፍ 6 ዝርዝር ናይተን ማሕበራትን ተጣበቅቲ ሰባኣዊ መሰላትን ዝኾና ትካላት  ክትረኽቡ ኢኹም ን ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞኹም ሓጋዚ ዝኾነኩም ።  ጸገማት ምስ ዘጋጥም  ወይ ድማ ንቑልጡፍ ሓበሪታ ናብ ኣብዚ መጽሓፍ ተዘርዚረን ዘሎዋ ማሕበራት ተወከስ  ወይ ድማ ናብዜን ናይ ኢንተርነት መርበባት ብቀጥታ ምጽሓፍ ይከኣል ኢዩ ። contact@w2eu.info   or w2eu_info@yahoo.com  or visit www.w2eu.info  and www.w2eu.info/contacts.en.html

እንቕዋዕ ናብ ሃገረ ጥሊያን ብሰላም እተኹም"
ዝብል መወከሲ ብ ኣማኢት ዝቑጸሩ ማሕበራትን ተጣበቕቲ ሰባዊ መሰላትን ኣባላት ብዘሎዉዎ ኣብ 2009 ብዝተመስረተ ማሕበር " እንቅዋዕ ብሰላም ናብ ኤውሮፓ መጻእኩም" ዝተዳለወ ኮይኑ እዚ ማሕበር እዚ ንዝተፈላለዩ ሓተቲ ዑቕባን ሳገምትን ቀጥታዊ ሓገዝ ኣብ እዋን ጸገማቶም ዘበርከተ ኮይኑ ኣብ ምኽባር ውልቃዊ ናጽነትን ማዓርነትን ናይ ኩሎም ዓቢ ተራ ተጻዊቱ ኢዩ ።

እዚ መወከሲ ንኩሎም ናብ ጥሊያን ዛኣተዉ ሳገምቲ ዘገድስ ኢዩ ። ዕላማና ድማ ሓበሬታን ሓገዝን ምሃብ ኮይኑ ንኹላኹም ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታት ኣብ ትቅመጥሉ ነብስኹም ኪኢልኩምን ከሙኡውን ነቲ ዝመረጽኩሞ ወይ ውን ብሕጂ ትመርጽዎ መገዲ ናይ ሂወትኩም ዕዉት ንምግባር ኢዩ። እዚ መወከሲ ብነጻ ዝዋሃብ ኮይኑ ኣብ ሞንጎ ነዚ መጽሓፍ ዘከፋፍሉ ድማ ዝኾነ ኣባል መንግስታዊ ትካል ወይ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ወይ ውን ፖሊስ ከሙኡውን ብመንግስቲ ዝምወሉ ማሕበራት የብልናን ። ኩላና ኣብዚ ማህበር ዘሎና ተጣበቕቲ ሰባዊ መሰላት ኮይንና ዘይመንግስታዊያን ማሕበራትን ትካላትን ኢና ።

# ትሕዝቶ መጽሓፍ

ምዕራፍ 1. መእተዊ : ካርታ 8

2. ብኸመይ ናብ ሃገረ ጥሊያን በጺሕካ ? 12

2.1 ካብ ስሜን ኣፍሪቃ ብ ባህሕሪ ኣቲካ

2.2 ካብ ኣውስትሪያ ወይ ካብ ስሎቬንያ መጺኻ ወይ ካብ ሃገራት ማእከላይ ሰሜን ኤውሮፓ

2.3 ካብ ግሪኽ ብ ባሕሪ ኣቲኻ

2.4 ካብ ካሎት ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮፓ መጺኻ

3. ሓፈሻዊ ሓበሬታ 17

3.1 ምስ በጻሕካ እንታይ ኣጋጢሙካ ? ኣበይን መዓስን ብኸመይን ተመዝጊብካ ?

3.2 መቀበሊ ማእከላት እንታይ ኢዮም ? ንኽንደይ ዝኸውን ግዜ ኢኻ ኣቡኡ ክትጸንሕ ? ስለምንታይ ከ ኣብ መቀበሊ ማእከላት?

3.3 ኣዘኖት ካብ መሰረታዊ መሰላትካ ክጋሃሱ ይኽእሉ? : እንታይ ዓይነት ጸገማት ክህልወካ ይኽእል?

3.4 ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚታት እንታይ ክትገብር ትኽእል

4. እንታይ ኢካ ክትገብር ትደሊ ሕጂ 25

4.1 ብቕልጡፍ ፖለቲካዊ ዕቅባ ካብ መንግስቲ ጥልያን ንኽትረክብ ደሊኻ ኣሎኻ

4.2 ናብ ካሎኦት ከተማታት ጥሊያን ክትግዋዓዝ ደሊካ ኣሎኻ

4.3 ናብ ካሎኦት ሃገራት ኤውሮፓ ክትግዋዓዝ ደሊኻ ኣሎኻ

**5. ንኣህጉራዊ መሰል ዑቕባ ንምርካብ ኣብ ጥሊያን ኣመልክት 30**

5.1 ብከመይ ገርኻ ኢኻ ኣህጉራዊ ውሕስነት ተመልክት (protezione internazionale) ?

5.2 ብኸመይን መዓስን ኣበይን ተመልክት ?

5.3 ክትክተሎም ዘሎካ መንገድታት ን ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምርካብ ኣብ ተመልክተሉ ግዜ ?

5.4 መሰላት ከም ኣመልካቲ ን ኣህጉራዊ ውሕስነት ?

5.5 ውልቃዊ ታሪኽካ ብኸመይ ተዳልዎ ("memoria")?

5.6 እንታይ ዓይነት ውሳኔ ክዋሃበካ ይኽእል ?

**6. ኣገደስቲ ኣድራሻታት ኣብ ጥሊያን 36**

**7. ጉዕዞ ኣብ ውሽጢ ጥሊያን ወይ ውን ናብ ካሎኦት ሃገራት ኤውሮፓ 66**

**8. መራኸቢታት 72**

መወከሲ

እንግሊዘኛ – ጥሊያን ቃላትን ትርጉማትን

መዝገበቃላት


EUROPE
EUROPEAN UNION
EU Member States
EU New Members since 2004
EU New Member 2013
EU Candidates
EFTA Member States
© Nations Online Project
Greenland Sea
Norwegian Sea
North Sea
Atlantic Ocean
Celtic Sea
English Channel
Bay of Biscay
Baltic Sea
Gulf of Bothnia
Adriatic Sea
Tyrrhenian Sea
Ionian Sea
Aegean Sea
Black Sea
Mediterranean Sea
Reykjavik
ICELAND
Faroe Islands (DENMARK)
Hammerfest
Murmansk
Kiruna
Oulu
SVERIGE SWEDEN
SUOMI FINLAND
Trondheim
NORGE NORWAY
Sundsvall
Tampere
Helsinki
St. Petersburg
Bergen
Oslo
Gavle
Stockholm
Tallinn
EESTI ESTONIA
РОССИЯ RUSSIA
Moscow
Aberdeen
Goteborg
Riga
LATVIJA LATVIA
Edinburgh
Belfast
ÈIRE IRELAND
Dublin
Newcastle
DANMARK DENMARK
Copenhagen
LIETUVA LITHUANIA
Vilnius
Russia
Kaliningrad
Minsk
Liverpool
UNITED KINGDOM
Cardiff
London
Gdansk
Rostock
Hamburg
NETHERLANDS
Amsterdam
Hannover
Berlin
Poznan
Warsaw
БЕЛАРУСЬ BELARUS
DEUTSCHLAND GERMANY
Leipzig
POLSKA POLAND
BELGIUM
Bruxelles
Cologne
Kiev
Le Havre
LUXEMBOURG
Frankfurt
Prague
ČESKÁ REPUBLIKA CZECH REPUBLIC
Krakow
Lviv
УКРАЇНА UKRAINE
Paris
Strasbourg
SLOVAKIA
Nantes
Munich
Vienna
Bratislava
Österreich Austria
FRANCE
Budapest
MOLDOVA
Chisinau
Odessa
Bern
Switzerland
HUNGARY MAGYARORSZÁG
Cluj-Napoca
Bordeaux
Geneva
Lyon
Pecs
ROMÂNIA ROMANIA
Ljubljana
SLOVENIA
Zagreb
CROATIA
Milan
Venice
BOSNIA AND HERZEGOWINA
Belgrade
Constanta
Bucharest
Bilbao
Porto
ANDORRA
Marseille
MONACO
Florence
Sarajevo
SRBIJA SERBIA
Varna
БЪЛГАРИЯ BULGARIA
PORTUGAL
Madrid
Lisbon
ESPAÑA SPAIN
Barcelona
CORSICA (FR)
ITALIA ITALY
Rome
MONTENEGRO
Podgorica
Sofia
Skopje
Rep. of MACEDONIA
Istanbul
ASIA
Valencia
Naples
Tirana
SHQIPËRIA ALBANIA
Thessaloniki
TÜRKIYE TURKEY
Sevilla
Cagliari
SARDINIA (IT)
Ελλάδα GREECE
Malaga
Palermo
Patrai
Athens
CYPRUS
250 Km
250 Mi.
AFRICA
CRETE
Valletta
MALTA


Italy
Administrative Divisions
International boundary
Region (regione) boundary
Province (provincia) boundary
National capital
Milan Region (regione) capital
Province (provincia) capital
Italy has 15 regions (regioni) and five autonomous regions (regioni autonome)* of Friuli-Venezia Giulia, Sardegna, Sicilia, Trentino-Alto Adige, and Valle d'Aosta.
The 107 provinces (province) have the same names as their capitals except where noted.
0 50 100 Kilometers
0 50 100 Miles
Lambert Conformal Conic Projection, SP 45 N / 37 N
SWITZERLAND
AUSTRIA
HUNGARY
SLOVENIA
CROATIA
FRANCE
MONACO
BOS. AND HERZ.
SERBIA AND MONTENEGRO
TUNISIA
ALGERIA
MALTA
Bern
Vaduz
LIECHTENSTEIN
Ljubljana
Tunis
Valletta
Corsica (FR.)
Sardinia
Sicily
Adriatic Sea
Ligurian Sea
Tyrrhenian Sea
Ionian Sea
Mediterranean Sea
Mediterranean Sea
Gulf of Venice
Golfo di Taranto
Strait of Sicily
Strait of Otranto
VALLE di AOSTA
PIEDMONTE
LOMBARDIA
TRENTINO ALTO ADIGE
FRIULI VENEZIA GIULIA
VENETO
LIGURIA
EMILIA-ROMAGNA
TOSCANA
UMBRIA
MARCHE
LAZIO
ABRUZZO
MOLISE
CAMPANIA
PUGLIA
BASILICATA
CALABRIA
SICILIA
SARDIGNA
SAN MARINO
VATICAN CITY
Rome
Aosta
Turin
Milan
Genoa
Trento
Venice
Trieste
Bologna
Florence
Perugia
Ancona
L'Aquila
Campobasso
Naples
Bari
Potenza
Catanzaro
Palermo
Cagliari
Verbano-Cusio-Ossola
Verbania
Biella
Novara
Vercelli
Asti
Alessandria
Cuneo
Savona
Imperia
La Spezia
Sondrio
Varese
Como
Lecco
Bergamo
Brescia
Pavia
Lodi
Cremona
Mantova
Bolzano
Belluno
Udine
Pordenone
Gorizia
Treviso
Vicenza
Verona
Padova
Rovigo
Piacenza
Parma
Reggio nell'Emilia
Modena
Ferrara
Ravenna
Forlì-Cesena
Forlì
Rimini
Pesaro
Pesaro e Urbino
Massa
Massa-Carrara
Lucca
Pistoia
Prato
Pisa
Livorno
Arezzo
Siena
Grosseto
Elba (Livorno)
Macerata
Ascoli Piceno
Terni
Teramo
Pescara
Chieti
Viterbo
Rieti
Frosinone
Latina
Isernia
Foggia
Benevento
Caserta
Avellino
Salerno
Matera
Taranto
Brindisi
Lecce
Cosenza
Crotone
Vibo Valentia
Reggio di Calabria
Messina
ISOLE EOLIE (Messina)
Trapani
Enna
Caltanissetta
Agrigento
Catania
Siracusa
Ragusa
Pantelleria (Trapani)
ISOLE PELAGIE (Agrigento)
Lampedusa
Olbia-Tempio
Olbia
Tempio Pausania
Sassari
Nuoro
Ogliastra
Oristano
Lanusei
Medio Campidano
Sanluri
Carbonia
Carbonia-Iglesias
Boundary representation is not necessarily authoritative.

# ምዕራፍ መእተዊ 1

## 1 መሰረታዊ መሰላትካ ኣብ ጥሊያንን ኣብ ኣህጉር ኤውሮፓን

- ናብታ ግዳይ ዝተፈላለየ ዓመጻትን ምግሃስ ሰባኣዊ መሰላት ዘጋጠመካ ሃገር ኣይክትምለስን ኢኻ
- ኣብ ጥሊያን ንክትጸንሕ (ንከይትስረዝ ወይ ከይትስጎግ ) ክፋል ናይቶም ውጹዓት እንተኾንካ( ጥንስቲ፣ ኣካለ ስንኩል ፣ ግዳይ ናይ ስነ ኣእምሮ ጸገማት ፣ ኣካላዊ ወይ ድማ ወሲባዊ ግዳይ ፣ ግዳያት ናይ ዘይሕጋውያን ኣስገርቲ ፣ ስድራቤት ናይ ሓደ ትሕቲ ሽድሽተ ወርሒ ዝኮነ ህጻን ስድራቤት እንተኾንካ)።
- ነጻ ኣገግልግሎት ናይ መባእታዊ ሕክምና ከሙኡውን ምሉእ ናይ ጥዕና ክንክን ። ደቀንስቲዮ ፣ ጽጉማት ፣ሰባት ኣካልዊ ወይ ኣእምራዊ ጸገማት ዘሎዎም ፍሉይን ነጻ ክንክን ክረኽቡ ይፍቀደሎም ።
- ኣብ መቀበሊ ቦታታት እኹል መግብን ዝስተ ማይን ክትረክብ ፣ ኣብ መዓልቲ ስለስተ ግዜ ክትምገብ፣ ኣብቲ ትዋሃቦ መደቀሲ ውን ምሉእ መሳለጢያታትን ጽቅጥቅጥ ዘይብሉ ክኸውን ።
- እቲ ኣገዳሲ ሓበሬታ በቲ ንስኻ ትርዶኦን ትመልኮን ቃንቃ ብዛዕባ ፣መሰላትካ ፣ኣገልግሎትን ሕግታትን ናይቲ ዘሎኻዮ መቀበሊ ቦታን ብዛዕባ ናይ ዑቅባ ጉዳይካ ብኸመይ ተቅርብን ምሉእ መግለጺ ክዋሃበካ ።
- ቅዳሕ ናይ ኩሉ ዝዋሃበካ ጽሑፋዊ መግለጺታት ኣብ ኢድካ ክትዋሃብ፣ እቲ ጽሑፋት ድማ ንስኻ ብትርዶኦ መልክዕ ክዋሃበካ ፣ ንዘይተረዳካ ጽሑፋት ካብ ምፍራም ክትሕንግድ ሙሉእ መሰል ኣሎካ ።
- ምስ ስድራቤት ኣብ መቦቆል ዓድኻ ዝርከቡ ፣ መሓዙትካ ኣብ ኤውሮፓ ወይ ኣብ ጥሊያን ዘሎዉ ክትራኸብ ብስልኪ ይኩን ብ ኢንተርነት ምሉእ መሰል ኣሎካ ። ምስ ናይ ባህልን ቃንቃን ማእከላት ክትራኸብ ውን ምሉእ መሰል ኣሎካ።
- ኣገዳሲ ተኾይኑ ውን ናይ ጠበቃ ምሕታት መሰልካ ኣብ ቦቱኡ ኢዩ ።

- ውልቃዊ ናጽነት ክህልወካ ካብ ቃላታዊን ኣካልውን ዓመጽ ክትርሕቅ።
- ምስ ናይ ቀረባ ስድራቤት ብሓንሳብ ናይ ምንባር ዕድል ክህልወካ (ምጥርናፍ ስድራቤት)።
- ትሕቲ ዕድመ ኮንካ ኣላዩ ተዘይብልካ ኣብ ፍሉይ ቦታ ክትቅመጥን ኣላዩ ክህልወካን ግቡእ ኣገልግሎት ሕክምናን ነጻ ናይ ሕጊ ኣገልግሎትን ከሙኡውን ናብ ትምህርቲ ክትመላለስን ዝፍቀደልካ።
- ነጻ ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ክትረክብ ( "gratuito patrocinio") ⏮

## 2 ሕቶ ንኣህጉራዊ ውሕስነት (PROTEZIONE INTERNAZIONALE )

ብመሰረት መስርሕ ናይ ጥሊያንን ኣህጉር ኢውሮፓን ከም ዝሕብሮ መሰል ናይ ምጽናሕ ክፍቀደልካ ተኽእሎ ኣሎ ብናይ ኣህጉራዊ ውሕስነት ወይ ድማ ብካላኣይ ሸሙ ፖለቲካዊ ዑቅባ ። እዚ ናይ ዑቅባ ሕቶ ብዝኮነ ሰብ ኣብ ዝኾዕነ ሰዓት ክቀርብ ይካኣል እዩ ።ብመሰረት ስምምዕ ናይ ጀነቫ ንስኻ ግዳይ ናይ ዝተፈላለዩ ምግሃስ ሰባኣዊ መሰላት ኣብ መቦቆል ሃገርካ ከም ናይ ብሄር ኣፈላላይ ፣ ህይማኖት፣ ጉዳይ ዜግነት ፣ፖለቲካዊ ሪኢቶ ፣ ጎነጽ ፣ምፍርራሕ ወይ ድማ መቦቆል ሃገርካ ኣብ ውሽጣዊ ይኩን ደጋዊ ኩናት ምስ ትጽመድ ናዓኻ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል ከም ናይ ኣሰቃቂ መርመራን ምቅታልን ወይ ውን ናብ ሃገርካ ኣብ ትምለሰሉ እዋን ከቢድ ሓደጋ ከየጋጥመካ ትፈርሕ እንተኾንካ ነዚ ናይ ፖለቲካ ዑቅባ ሕቶ ከተቅርብ ይከኣል እዩ ።ነዚ ትሓቶ ዘሎኻ ፖለቲካዊ ዑቅባ ብዝመረጽካዮ መሰረት ብቃልን ብጹሑፍን ቦቲ ናዓኻ ዝርዳኣካ ቃንቃ ከተቅርቦ ትኽእል ኣብ ተቅርበሉ እዋን ካኣ ብግሉጽ ኣቀራርባ ስለምንታይ ኣብ መበቆል ሃገርካ ንሓደጋ ከም ዝተቃላዕካ ምግላጽ ከድሊ ኢዩ። ግን ኣስተውዕል እቲ ናዝ ስደተኛ መሕተቲ ሕጋውነት ዝለብስ እቲ ናይ C3(modello C3) መምሊኢ ቅጥዒ ምስ ትቅበልን ምስ ትመልኦን ኢዩ ። ነቲ ናይ ዑቅባ ሕቶ ሕጋውነት ምሳ ኣልበስካዮ ናይ 6 ወርሒ ኣህጉራዊ ውሕስነትካ ዘመልክት መጽንሒ ፍቃድ ክትዋህብ ኢኻ።በዚ ፍቃድ እዚ ኣብ ጥሊያን ንክለተ ወርሒ ብቀጻልነት ምስ ጸናሕካ ናይ ምስራሕ መሰል ክፍቀደልካ ኢዩ ። ( ነተወሳኺ ሓቤሬታ ኣብ ምዕራፍ 5)

ኣብ ጉዕዞኻ ብፖሊስ ናይ ምትሓዝ ኣጋጣሚ እንተኣጋጢሙካ ብቀጥታ መሰላትካ እንታይ ምኻዋኑ ክትሓትት ኣሎካ ፣ ብነጻ ድሌትካ እንተኾይኑ ፣ ተርግዋሚ ክጽዋዓልካ ብምሕታት ፖለቲካዊ ዑቅባ ክትሓትት ከም ዝደለኻ ሓብር ። ፖሊስ ጥሊያን ናይ ዑቅባ መሰልካ ናይ ምንጻግ መሰል የብሉን ናይ

ዕቅባ መሰልካ ክነጽጉካ እንተፈቲኖም ግና ኣብ ወረቀት ስም ናይቲ ዘሎኻዮ ቦታን ዕለትን ሙሉእ ናትካ ሓበሬታን ብምጽሓፍ ኣብታ ወረቀት ብፍሩይ ኣገባብ ድማ "CHEIDO ASILO“(ውቅባ ይሓትት ኣሎኹ) ኢልካ ብምጽሓፍን ብምፍራምን ነታ ወረቀት ብዝኾነ መሳርሒ ገርካ ስእሊ ብምልዓል ናብ ኣብ ከባቢካ ዝርከቡ ማሕበራት ወይ ናትካ ቀረባ ሰባት ስደዳ ። ብድሕሪ እዚ ጠበቃ ወይ መንጎኛ ንኽግበረልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ( ናይ ሓገዝ መስመራት በቶም ኣብ ምዕራፍ 6 ዝተዘርዘሩ ማሕበራት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ)።

**!** ኣገዳሲ ዝኾነ ብ ፖሊስ ዝመጽእ ሕቶታት መልሲ ዘይምሃብ ።

ካብ መበቆልካ ዝኮነት ሃገር ምስ ዘይትመጽእ( ሳልሰይቲ ሃገር) ኣህጉራዊ ውሕስነት ንኽትሓትት ሙሉእ መሰል ኣሎካ እዚ ግና ኣዚዩ ጽኑዕ ዝኮነ ንስባኣውነት ዝፈታተን ጸገማት ማለት ውሽጣዊ ወይ ኣህጉራዊ ግጭት ምስ ዝህሉ ወይ ኣብ ቀረባ እዋናት ዘተዛዘመ ምስ ዝኸውን ወይ ውን ኣብቲ ዝነበርካዮ ዘይኢሰብኣዊን ኣሰቃቂን ኣተሓሕዛ ምስ ዝጋጥመካ ኢዩ ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ጉዳያት ግን ኣህጉራዊ ውሕስነት ክትረክብ ክብድ ዝበለ ኮይኑ ምኽንያቱ እቲ ገዳቢ ሕግታት ናት ጥሊያንን ናይ ኤውሮፓዊ ሕብረትን ነቲ ዑቅባ ንምቅባል ዝህብዎ ፍቃድ ግዚያዊ ፍቃድ ኮይኑ ምስ ሰባዊ ምድንጋጽ ዝተሓሓዝ ኢዩ። ክትርድእዎ ዘሎኩም ደርቂ ፣ ናይ ቁጠባ ጸገማት ፣ ኣከባቢያዊ ሽግራትን ከሙውን ዕላማ ስራሕ ንምርካብ ኣብ ጥሊያን ካብቶም ቅቡላት ዘይኮኑ ዓይነታት ምኽንያት ኮይኖም ኣህጉራዊ ውሕስነት ክትረኽብሎም ኣይትኽእሉን ኢኹም።

**!** ኣገዳሲ ናይ ጥሊያን ፖሊስ ወይ ውን ወኪላት ናይ ኤውሮፓ ኣደንጋሪ ዝኾነ ሕቶታት ኣብ ክንዲ ሓተትቲ ዑቅባ ናብ ናይ ቁጠባዊ ሳገምቲ ዝመርሕ ሕቶታት ከቅርቡልኩም ስለዝኽእሉ ምጥንቃቅ ኣገዳሲ እዩ ። ንኣብነት "ንምንታይ ናብ ጥሊያን መጺኹም" ዝብል ሕቶ ብ" ክንሰርሕ "ዝብል ሕቶ ተመሊስኩሞ ናይ ኣህጉራዊ ውሕስነት ምርካብ ዕድልኩም ክቅህም ኢዩ ። መንግስቲ ጥሊያንን ኣባላት ኤውሮፓውያን ሰበስልጣናት ኣብ መቀበሊ ስደተኛታት ዝቕርብዎ መምሊኢ ቕጥዒ ኣሎ ብግልጺ ብዛዕባ ተኽእሎ ናይ ሕቶ ዑቅባ ዘይገልጽን ግን ብዛዕባ ስራሕን ምጥርናፍ ስድራቤትን ብንጹር ዝሰፈሮ ኢዩ ። ቀዳምነት ግን ኣህጉራዊ ውሕስነት ክወሃበኩምን ንሃገርኩም እንታይ ኮንኩምክትምለሱ ከምዘይትኽእሉ ብጹሑፍን ብቃልን ክትገልጹ ከም ትኽእሉ ዘክሩ።

**!** ኣገዳሲ ኩሉ ውልቃዊ ወረቃቅትኻ ካባኻ ዘይምፍላይ ብኻላኣይ ኣካል ንዝተዋህበካ ወርቃቅቲ ምስዘይትርዶኦ ንኸይትፍርም ሙሉእ መሰል ኣሎካ ።

ዝተዋህበካ ወረቅት ተረዲኡካ ምስ ትፍርም ውን ቅዳሕ ምሳኻ ከም ትሕዝ ግበር።

## ሓበሬታ ብዛዕባ EASO ን FRONTEX

*EASO ኤውሮፓዊ ትካል ኮይኑ ንስደተኛታት ዝተፈላለየ ሓገዝ ዝገብር ኣካል ኢዩ ። ካብቲ ቀንዲ ዕላማታቱ ድማ ሓቤረታ ብዛዕባ መቦቆል ዓዲ ናይቲ ስደተኛ ነተን ሃገራት ሙሉእ ሓበሬታ ምሃብን ነቲ ናይ ስደተኛታት ናይ ዑቅባ ሕቶ ምውህሃድን ኢዩ ። ኣባላት ናይ EASO ኣብ ማእከላይ ቤትጽሕፈት ፖሊስን ኣብ ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያትን ይርከቡ ። እቶም ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዝርከቡ ነቲ ናይ ዑቅባ ሕቶ በቶም ፖሊስ ኣብ ዝምላኣሉ እዋን ካብቶም ቀንዲ ሓገዝቲ ናይ ፖሊስ ኢዮም ምኽያቱ እቶም ኣብ ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ዝርከቡ ኣባላት ናይዚ ማሕበር ኣብ ኣዋን ናይቲ ንናይ ዑቅባ መሰልካ ንምሕታት ኣመልኪትካ ትገብሮ ቃለ መሕተት ነቶም ሓተትኻ ሙሉእ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ መቦቆል ዓድኻ ኣቀዲሞም ሓበሬታ ብምሃብ ንስኻ ትብሎ ሓቅነቱ ንምርግጋጽ ነቶም ኣባላት ፖሊስ ይሕግዝዎም ።*

*Frontex ወኪል ናይ ኤውሮፓዊ ሕብረት ኮይኑ ደጋዊ ዶባት ናይዘን ሃገራት ንኽቕዋጻጸር ሓላፍነት ዝተዋህቦ ኣካል ኢዩ ። ዕላሙኡ ንዓኻ ሓገዝን ደገፍን ንምብርካት ዝቆመ ዘይኮነ ዘይመንግስታዊ ትካል ውን ኣይኮነን እኽዋ ደኣ ተቆጻጻሪ ኣካል ኢዩ ። ን Frontex ዝሃብካዮ ቃል ብቀጥታ ናብ ፖሊስ ጥልያንን ኤውሮፓዊ ሕብረትን ብቀጥታ ይበጽሕ ። ኣባላት ናይዚ ወኪል ኤውሮፓዊ ሕብረት ዝኾነ Frontex ብቀንዱ ኣብቲ ቀንዲ ቦታታ (ኣብ ምዕራፍ 3.2 ተመልከት) ማለት ዶባት ኮይኑ ናይ መንነትን ምዝገባን ዝከታተል ኣካል ኢዩ ። እቲ ቀንዲ ዕላሙኡ ኽኣ ዋሕዚ ስደተኛታት ምቁጽጻርን ነቶም ብዘይ ስሩዕ ወይ ውን ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ንዛኣትዉ ምቁጽጻር ኢዩ ። Frontex ተወስኺ ዕላማታቱ ውን ምውዳብ፣ ምትሕብባርን ናብቲ ዝመጻሉ ቦታ ኣገዲድካ ናይ ምምላስን መስርሓት የጠቃልል ።*

# ምዕራፍ 2
# ብኸመይ ናብ ጥሊያን በጺሕካ

## 1 ካብ ሰሜን ኣፍሪቃ ብባሕሪ ናብ ጥልያን መጺኻ

ብኸምዚ መንገዲ እንተመጺኻ ኩሉግዜ ናብ ግዚያዊ መቀበሊ ማእከላት ኣብ ሲሲልያ ወይ ድማ ናብ ካሎኦት ደቡባዊ ክፋል ናይ ጥሊያን(ካላብሪያ፣ካምፓኒያ ፣ፑግሊያ ) ኢኻ ትውሰድ (w2eu.info/italy.en/articles/italyasylum.en.html) ።

ናይ መንነት ምርግጋጽ መስርሕ ኣብ ወደባት ናይ ጥሊያን ወይ ድማ ኣብቲ ዝተመደብካሉ ግዚያዊ መጻንሒ ይጅመር ።



ብደቡባዊ ገማግም ባሕሪ ናይ ጥሊያን ዝመጹ ስደተኛታት ብብዝሒ ናብ ማእከላይን ሰሜናዊ ክፋላት ናይ ጥሊያን ብኣውቶቡስ ናብ በቦቶኦም ይውሰዱ። ዋላ ውን ኣብዚ ናይ ምስግጋር እዋናት ናይ መግብን መስተን ከሙኡውን ናይ ሕክምና ኣገልግሎትን ክዳውንትን ኮቦርታን ክትረክብ ሙሉእ መሰል ኣሎካ ።

ኣገዳሲ ! ዱብሊን 3 ዝብሃል ሕጊ ኣብ 2015 ብ ናይ ኤውሮፓዊ ሕብረት ዝጸደቀ እዩ ። ናቱ ሳዕቤን ድማ ምንጻግ ናይ ዑቅባ መሰል ኮይኑ( ካብ ጥሊያን ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ንኽትወጽእ ) ኣብዚ ሕጂ እዋን ከኣ ብብዝሒ የጋጥም ኣሎ።እዚ ናይ ምንጻግ ዑቅባ መስርሕ ድሕሪ ኣብ ጥልያን ምእታው ነቲ ስደተኛ ዝኾነ መንገዲ ንውልቃዊ ኹነታቱ ዝገልጸሉን ናይ ዑቅባ ሕቱኡ ገና ከየቕረበ እንከሎ እዩ ዘጋጥም ዘሎ ፣ ብተወሳኺ ብዙሓት ጉዳያት ዑቅባ ናይ ስደተኛታት ናብ መቦቆል ሃገር ወይ ናብ ሳልሰይቲ ሃገር ከምዝምልከት ብምግባር ናብ ዳኛ ወይ ድማ ጠበቃ ከይሓዝካን ከይበጻሕካን ናይ ምምላስ ተኽእሎታት ብብዝሒ ይረአ ኣሎ ። ፖሊስ ን ዕቑባ ንምሕታት ተቕርብዎ መመልከቲ ወረቀት ግድን ክቅበለኩም ኣሎዎ (ዑቅባ ምሕታት ናይ ኩሉ ሰብ መሰረታዊ መሰል ኢዩ) ንስኹም ውን ኣብ ቅድሚ ዝኾነ ውልቀሰብ ወይ ውን ምስ ማሕበራት ብምኽዋን ቅዳሕ ናይ ዑቅባ ትሓትሉ ወረቀት ክትሕዙን ነቲ ወረቀት ተተካኢሉ ሲኢልኩም ክትዕቅብዎ ውን ኣገዳሲ ኢዩ ። ኣብ ጥቃኹም ዘሎዋ ማሕበራት ክትውከሱ ምስ ትደሊዩ ኣብ ምዕራፍ 6 ተዘርዚሩ ኣሎ ኣድራሻ ናይ ክሕግዛኹም ዝኽእላ ማሕበራት።



## 2 ካብ ኣውስትሪያ ወይ ስሎቨኒያ ወይ ካብ ሃገራት ማእከላይ ሰሜን ኤውሮፓ ናብ ጥሊያን መጺኻ

ናይ ስደተኛታት ቀንዲ መዕረፊ ከተማታትን መጻንሒን ከም ኡዲነ ፣ ትሪስተ ፣ ጎርዚያ ፣ ቦልዛኖ ፣ ፖርደኖን ኮይኑ ኣብ ዞባ ቨነቶን ኣብ ከተማ ቦልዛኖ ውን እንዳወሰኸ እዩ ዝመጽእ ዘሎ ።ናብ ጥሊያን ዘእቱ ዶብ ሰጊርካ ኣብቲ መቀበሊ ኣብ ትበጽሓሉ ግዜ ቀለልቲ ናይ ምዝገባ ነገራት ከም መንነትካ ምምዝጋብን ናይ ሓንቲ ንጽል ኣጻብዕቲ ዓሸራ ውን ክትገብር ትኽእል ትኸውን ።ነዚ ዝምልከት ኣብ ምዕራፍ 3 ተጻሒፉ









ስለዘሎ ብጥንቃቀ ኣንብቦ ።ዶብ ጥሊያን ምስ ሰገርካ መንነትካ ምስ ተመዝገብካ ናብ ኣብ ጥቃኻ ዝርከብ መደበር ፖሊስ ክትላኽ ኢኻ ።ናብ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጸገማት ድማ ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምርካብ ተቕርቦ ሕቶ እዩ ። ኣብቲ ዘሎኻዮ ከባቢ ብምኻድ ናብ ማእከላይ ፖሊስ ናይታ ከተማ ከድካ ን ኣህጉራዊ ውሕስነት ከተመልክት ደሊኻ ከም ዘሎኻ ሓብር ። ኣብቲ ቦታ ገንዘብ ከኽፍሉኻ ውን ተኽእሎ ኣሎ ነቲ ትዋሃቦ ወረቓቅቲ ምሳኻ ክትሕዞ ተመራጺ ኢዩ ። ብዝኾነ ምሉእ መሰል ኣሎካ ናይ ዑቅባ ሕቶ ንምቕራብ ።ኣብቲ ዝሓበርካዮ ቦታ ናይ ምንጻግ ኩነታት ወይ ውን ናይ ዘይምቕባል ኩነታት ከጋጥመካ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት የእትዎ ። ከም ምኽሪ ቅድሚ ናብ ፖሊስ ምምልካትካ ተተኻኢሉ ጠበቃ ምሓዝ ወዝ ምምኻር ዝበለጸ ኣማራጺ ኢዩ ።ኣብዜን ከተማታት ነቶም ናይ ዑቅባ ሕቶ ዝሓቱ ብዙሕ ናይ መሰረታዊ መሳለጢያታት ሕጽረት ስለዘሎ ዝበዝሐ ኣብ ጽርጊያ ወይ ውን ኣብ ዋና ዘይብሎም ህንጻታት ንሰሙናት ወይ ድማ ኣዋርሕ ብምንባር ኢዩ ዘሕልፎ ።ን ሓበሬታን ሓገዝን ንምርካብ ናብቶም ኣብ ምዕራፍ 6 ተመዝጊቦም ዘሎዉ ኣድርሻታት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ ።

ኣገዳሲ! ምልክት ኣጻብዕትኻ ( ዓሸራ) ኣብ ካሎኦት ናይ ኤውሮፓ ሃገራት ብሕጊ ናይ ዱብሊን ዝኽተላ ኣቀሚጥካ እንተጸኒሕካ ከሙኡ ውን ናብ ጥሊያን መጺኻ ኣህጉራዊ ውሕስነት ምስ ትሓትት ፣ናይ ምጽናሕ መሰል ኣብ ጥሊያን ክዋህበካ ይኽእል እዩ ምስ ናይ ዱብሊን ጉዳይ ከም ዘሎካ ዘመልክት ወረቐት ። በዚ ናይ ምጽናሕ ፍቃድ ተዋሂቡካ ዘሎ እውን ኣብ ግዚያዊ መጻንሒ ማእከላት ክትጸንሕ ትኽእል ምናልባት ውን ከምቶም ኣብ ጥሊያን ናይ ዑቅባ ሕቶ ከምዘቕርቡ ተፈሊጦም መሰል ዝተዋህቦም ውን ክዋሃበካ ይኽእል ኢዩ ። ንዝያዳ ሓበረታ ብዛዕባ ኣህጉራዊ ውሕስነትን ሕጋጋት ዱብሊን ንምፍላጥ ሞዕራፍ 3,4,5 ተወከስ ።

# 3 ብባሕሪ ካብ ግሪኽ መጺኻ

ካብ ወደባት ፓትራስ ወይ ኢጎኡመኒትሳ እንተመጺኻ ትዓርፈሉን ቦታታት ናይ ጥሊያን ከም ብሪንዲሲ፣ ባሪ ፣ኣንኮና ፣ ራቬና፣ ቨነዚያ ወይ ድማ ትሬስተ እየን ።ብዝተገብረ መርመራታትን ውሳነታትን ግሪኽ ውሕስነት ዘይብላ ሃገር ኣብ ግምት ስለዝኣተወት (ዝተፈላለዩ ቤትፍርድታት ናይ ኤውሮፓን ተጣበቅቲ ሰባዊ መሰላትን 2011ን 2014) ስለዚ ናይ ዑቅባ ሕቶ ናይ ምቕራብ ምሉእ መሰል ኣሎካ ምስ ዝንጻግ ናብ ግሪኽ ክትምለስ ውን ኣይትኽእልን ። ናብ ጥሊያን ኣብ ዝእተኻሉ ግዜ ሓገዝ ምስ ትደሊ ኣብ ከባቢኻ ዘሎዉ ማሕበራት ርኸቦም ብፍላይ ኣብ ከተማታት ባሪ ፣

ኣንኮና ፣ሸነዚያን ትሬስ ምስ ትህሉ (ኣብ ምዕራፍ 6) ። ኣስተብህል ኣድራሻታት ኣብ ናይ መርበብ ገጻት w2eu.info ዘሎ ብዙሓት ኣገደስቲ ኣድራሻታት ናይ ግሪኽ ማሕበራት ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ምስ ብዙሓት ኣብ ጥሊያን ዘሎዉ መስመራት ውን ከራኽቡኻ ይኽእሉ ኢዮም ።

www.w2eu.info ናይ ማሕበራትን ጠበቃታትን እቶም ናዓኻ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ኣብቲ ዘሎኻዮ ወይ ውን ኣብ ካሎኦት ሃገራት ኤውሮፓ ዝርከቡ ኣድራሻ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ ።

ብጉዳይ "dublinato" ናብ ጥሊያን ምስ ትምለስ ኩነታትካ ነዚ ክመስል ይኽእል ኢዩ ፣

## 4 ካብ ካሎኦት ሃገራት ኤውሮፓ ምስ ትመጽእ (ጉዳይካ ጉዳይ ዳብሊን)

እዚ ማለት እታ ቀዳመይቲ እግርኻ ዘንበርካላ ሃገር ናብ ጥሊያን ኢያ ትመልሰካ ምኽንያቱ እታ ተቀቢላትካ ዘላ ሃገር ቀዳማይ እግርካ ዘዕለብካሉ ሃገር ጥሊያን ምኻኑ ስለትፈልጥ ። ብመሰረት ህጊ ዳብሊን ድማ ጉዳይካ ኣብ ጥሊያን ክረአ ትግደድ ማለት ኢዩ ።ገለ ፍሉያት ኣጋጣሚታት ኣሎዉ ኣብ ምዕራፍ 4 ተመልከት ። ብጠበቃ ገርካ ይግባይ ናይ ምባል መሰል ኣሎካ ( ዋላ ካብታ ናብ ጥሊያን ዝመለሰትካ ሃገር ውን ጠበቃ ክትገብር ትኽእል ኢኻ) ። ስጋብ ጉዳይ ናይ ይግባይካ ተራኢዩ መልሲ ዝዋሃበካ ኣብ ታ ናይ ዑቅባ ሕቶ ኣቅሪብካላ ዘሎኻ ሃገር ናብ ጥሊያን ከይተመለስካ ክትጸንሕ መሰል ኣሎካ ። እንድሕር ናይ ቀረባ ቤተሰብ እንተሃሊዩካ ንጥርናፌ ስድራቤት ኢልካ ውን ከተመልክት ትኽእል ኢኻ ብዚ ናትና መርበብ ሓበሬታ

>ኣብ ቀዳማይ ግዜ ናብ ጥሊያን ዛተኻሉ ወይ ዝጸናሕካሉ ዝኾነ ናይ ዑቅባ ሕቶ ምስ ዘይተቅርብ ኣቲ ልሙድ መስርሕ ክትክተል ትኽእል ኢኻ (ምዕራፍ 5 ተመልከት)

>ኣብ ጥሊያን ናይ ዑቅባ ሕቶ ኣመልኪትካ እንተሃሊኻ በቲ ጉዳይካ ዝምርምር ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት

a. ኣወንታዊ መልሲ ሂቡካ ናይ ምጽናሕፍቃድ ይወሃበካ

b. ኣሉታዊ መልሲ ተዋሂቡካ ፣ ናይ ምንጻግ ወረቀት ተቀቢልካ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ እንድሕር ይግባይ እንተዘይ ኢልካ ናይ ምጥራዝ ወረቀት ክመጻካ ይኽእል ኢዩ (ምዕራፍ 3.2 ተመልከት)እንተዘትትኮይኑ ግን ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ እቲ ሓበሬታ ምስ በጻሓካ ። እቱ ጽሑፍ ምስ ዘይርዳኣካ ወይ በቲ ንስኻ ትመልኮ ቕዋንቃ ምስ ዝኸውን ናይ መወከሲ ግዜ ክዋሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ።

c. ውሳኔ ተዘይመጺኡካ እቲ መስርሕ ኣብ ምቅጻል ኣሎ ማለት ኢዩ

d. ባዕልኻ ብዝወደብካዮ ናይ ቃለ መሕተት ግዜን ሰአኣትን እንተተዘይተረኺብካ ናይ ምንጻግ መልሲ ክትቅበል ትኽእል ኢኻ ግን ናብ ቤትጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት እንደገና ዕድል ክዋሃበካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ።

አገዳሲ **!** ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ምስ ወረድካ ኩሉ ዝተዋሃብካዮ ሰነዳት ብጉቡእ ሓዞ ብቁልጡፍ ድማ ነቶም ኣብ ከባቢኻ ዘሎዉ ማሕበራት ወይ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ኣካልት ክትረኽቦም ፈትን ።

### ናብ ጥሊያን ብቪዛ ምእታው

ተወሳኺ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ብኻልእ መንገዲ ናብ ጥሊያን ብስራሕ ፣ ብምብጻሕ ፣ ንትምህርቲን ናብ ስድራቤትን ብቪዛ ምእታው ተኽእሎ ውን ኣሎ ። እዚ እቲ ብብዝሒ ዝግበር ኣተኣታትዋ ናይ ወጻኢ ዜጋታት ናብ ጥሊያን ኢዩ ። እዚ መስርሕ እዚ ኦቲ ቪዛ ካብተን ካብ ጥሊያን ወጻኢ ዘሎዋ ሃገራት ወይ ኣብ መቦቆል ዓድኻን ዘሎዉ ወኪላት መንግስቲ ጥሊያን ዝዋሃብ ኢዩ ። ፍቓድ መእተዊ ቪዛ ናብ ጥሊያን ንሓጺር እዋን ዘጽንሕ ቪዛ ኮይኑ ክሳብ 3 ወርሒ ዝጸንሕ ኮይኑ ወይ ድማ ነዊሕ እዋን ናይ ምጽናሕ ዝዋሃብ ፍቓድ ማለት ከም መንበሪ ፍቓድ ኮይኑ ትጸንሓሉ እዋናት ድማ ምሲ ጉዳይካ ተራኢዩ ይውሰን ። ትሕቲ 3 ወርሒ ዝዋሃብ ናይ ቪዛ ኣገልግሎት በተን ናይ ካሎኦት ሃገራት ሰበስልጣን ኣብቲ ምስ ሃገረ ጥሊያን ዛኣተዉዎ ስምምዓት ተሞርኪሱ ድማ ይፍቀድ ወይ ውን ኣብ ሕጋጋት ናይ ኤውሮፓዊ ሕብረት ተሞርኪሱ ውን ክዋሃብ ይኽእል።

# ምዕራፍ 3 ሓፈሻዊ ሓበሬታ

## 1 ጥሊያን ምስ በጻሕካ እንታይ ኢዩ ኽጋጥመካ ? መዓስ ብኸመይን ኣበይን ኢኻ ትምዝገብን መንነትካ ትልለ ?

ልክዕ መሬት ጥሊያን ምስ ረገጽካ እቲ ቀዳማይ መስርሕ ዝኸውን ምጽራይ ጉዳይ መንነትካ ኢዩ ። ፖሊስ ናትካ ስእሊ ፣ናትካ ውልቃዊ ሓበሬታ ( ሙሉእ ስምካ ፣ዝተወለድካሉ ቦታን ዕለትን )፣ ናትካ ዓሸራ(ብኤለትሮኒካዊ መሳርሒ) ይወስዱ ። እዚ መስርሕ ዘጋጥም ሓደ ስደተኛ ናይ ዑቅባ ሕቶ ከቕርብ እንከሎ ፣ንሱ/ሳ ናብ ጥሊያን ብዘይ መርጋገጺ ወረቐት ኽኣትዉ ከሎዉ ብ ኣባላት ፖሊስ ምስ ዝታሓዙ ወይ ውን ንሱ/ሳ ካብ ማእከል ባሕሪ ምስ ዝድሕኑ እዩ ። መንነትካ ንምፍላጥ ዝግበር መስርሕ ኣብ ጥሊያን ወይ ብባሕሪ ወይ ብመሬት ምስበጻሕካ ወይ ድማ ኣብቲ መቀበሊ ማእከላት ኣብ ትህልወሉ እዋናት እዩ ።

**መስርሓት ምልላይ መንነትን ኣሰር ኣጻብዕን** ምስቲ ዝሓለፉ ዓመታት ክነጻጸር እንኮሎ በቲ ናይ ምሉእ ምዝገባ መስርሓት ዝሓለፉ ስደተኛታት ቁጽሮም ብ100% ኢዩ ወሲኹ(ምስቲ ናይ EURODAC ሓበሬታ ተወሲኽዎ) ። እዚ ሓድሽ ሕጊ ነቶም ናይ ኣጻብዕ ኣሰር ንምግባር ዛኣበዩ ንኸገድድን ንኽኣስርን CPR(ኣብ ናይ ዘባዊ ቤት ማእሰርቲ ከም መጽንሒ ዝጥቀምሉ ማእከል) ውን ዝሕግዞ ሕጊ ዘማለአ ኢዩ ። ኣብዚ እዋን ምሃብ ናይ ኣጻብዕቲ ኣሰር ኣካላዊ ወይ ስነኣእምሮኣዊ ጎነጻት ምስ ዘጋጥመካ ብመሰነይታ ዝተሓገዘ ጭብጥታት ከም ስእሊ ወይ ተንቀሳቃሲ ስእሊ ምሓዝ ተመራጺ ኮይኑ ነቶም ኣብ ከባቢካ ዘሎዉ ማሕበራት ውን ክትረኽቦም ፈትን ኣድራሻታቶም ኣብ ምዕራፍ 6 ተወከስ ።

## ዓይነታት ምዝገባ

**ሙሉእ ምዝገባ** እቲ ሙሉእ ምዝገባ ዝባሃል ኩሉ ዓይነት ምዝገባ ዘጠቓለለ ኮይኑ ፣ከም ናይ ፖሊስ መግለጺ ፣ መለለዪ ቁጽሪ ምቅባልን ናይ ክልቲኡ ሙሉእ ኣጻብዕትኻ ዓሸራ ምውሳድ እዩ ። በዚ ዓይነት መንገዲ ኩሉ ናትካ ሓበሬታ ናብ EURODAC(ናይ ኩሎም ዑቅባ ኣብ ኤውሮፓ ዝሓቱ ዓሸራ ዝቅመጠሉ) ዝብሃል መኣከቢ ሓቤረታ ብቀጥታ ኢዩ ዝመሓላለፍ እዚ ማዕከን ሓበረታ ቀጥታዊ ምስ ሕጊ ዳብሊን ምትእስሳር ኣሎዎ (ምዕራፍ 4ን 5 ተወከስ) ።

**ከፊላዊ ምዝገባ** ከም ካልእ ገጽ ናይ ምዝገባ ድማ ኣብ ገለ ቦታታት ኣብ ቲ መጀመርታ ዝዓረፍካሉ ቅልል ዝበለ ዓይነት ምዝገባ ኣሎ ንሱ ድማ ናትካ ስእሊ ብምውሳድን ሓድሽ መለለዪ ቁጽሪ ብምሃብን ክኸውን እንከሎ ኣብ ሓደ ሓደ ቦታታት ውን ናይ ዓባይ ዓባይቶ ዓሸራ ይውሰድ እዩ ።ኣበይን መዓስን እዚ ከምዚ ቀሊል ዓይነት ምዝገባ የጋጥም ፍሉጥ ኣይኮነን ፣እዚ ዓይነት መስርሕ ንኸጋጥም እቲ ኣብቲ ሽው እዋን ዘጋጥም ናይ ግዜ ኩነታትን ካብ ላዕለዋይ ሓላፊ ዝመሓላለፍ ትእዛዝን ከሙኡውን ዜግነት ናይቶም ስደተኛታት ውን ይጸልዎ ኢዩ ። በቲ ዘሎና ሓበሬታ ግን እዚ ቀሊል ዓይነት ምዝገባ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እንዳተረረፈ እዩ ዝመጽእ ዘሎ ምስቲ ናይ ሙሉእ ዓይነት ምዝገባ ብምውድዳር ።

ኣስተውዕል! ኣባላት ፖሊስ ይኹኑ ኣባላት ሓለዋ ዶባት ኤውሮፓ እቲ ዝገበርካዮ ዓሸራ ናብ EURODAC ኣይመሓላለፍን እዩ ክብሉኻ ይኽእሉ ይኾኑ ኢዮም እዚ ግን ናዓኻ ናብቲ ናይ ዓሸራ መኣከቢ ንኸይትምዝገብ ውሕስነት ኣይኮነካን ኢዩ ።

ኣገዳሲ! ናይ ኣጻብዕ ዓሸራ ንትሕቲ 14 ዓመት ኣየገድድን ኢዩ ።

ኣገዳሲ! እዞም ናይ ምዝገባ መስርሓት ነቲ ናትካ መሰረታዊ መሰላትኻ ክግህሱ ኣይክእሉን ኢዮም ፣ ኣባላት ፖሊስ ውን ንዓኻ ብ ሓይሊ ወይ ብምፍርራሕ ነዚ ናይ ምዝገባ ወይ ናይ ዓሸራ-ትዳያት ን ኸትገብር ከገዱዱኻ ኣይክእሉን እዮም ።ንምዝብገባ ብዝብል ምስምስ ናጽነትካ ክንፈገካ ኣይክእልን ። ኣብ ናይ ምዝገባ መስርሕ ኣብያ እንተሪኻ ግን ተነውሐ ን 12 ሰዓታት ክትቅየድ ትኽእል ኢኻ ። እዚ ናይ ምዝገባ ግዜ መብዛሕቱ እዋን ዝተሓላለኸ ስለ ዝኾነ እቲ ማእሰርቲ ስጋብ 24 ሰዓታት ዝበጽሓሉ እዋን ውን ኣሎ ፣ ኣብዚ ኣዋን ግን ንስድራቤትካ ይኹኑ ዋላ ንዘይትፈልጦም ሰባት ክትሕብር ትኽእል ኢኻ ።ብዛዕባኻ ኣኽባር ሕጊ ውን ክፈልት ከም ዘሎዎ ክትሕብር ትኽእል ኢካ ምኽንያቱ ልዕሊ 24 ሰዓታት ንኽይትእሰር ።

ዘክር! ነቲ ናይ ፖሊስ ዝግበር ምዝገባ ብሉኡም መንገዲ ሓይሊ ብዘይምጥቃም ክትቃወም ተጀሚርካ ገበን ስለትፍጽም ዘሎኻ ክሳብ 206 ኤውሮ ክትቅጻዕ ትኽእል ኢኻ በዚ ጉዳይ ግን ናብ ማእሰርቲ ክትበጽሕ ኣይትኽእልን። በዚ ምኽንያት ካብቶም ኣባላት ፖሊስ ሓይሊ ክጥቀሙ(ብቕልጽም ወይ ቢኢድ ፣ምድፋእ፣ክዳን ምውጻእ) ምስ ዝፍትኑ ኣብ ልዕሊ እቲ ሉኡም ተቃውሞ ዝገበረ ሰብ ከም ገበን ውልቃዊ ምግሃስ ሰባኣዊ መሰልን

ጎነጻዊ ሓይሊ ምጥቃምን ከምገበን ተቆጺሩ የኽስስ እዩ ።ብዘይ ድሊትካ ፈተሻ ናይ ኣካላትካ ክግበረልካ ወይ ውን ኣሰቃቂ መርመራ ወይውን መጉዳእቲ ዘስዕብጎነጽ ኣብ ልዕሌኻ ከጋጥም ኣይፍቀድን ። ኣስተውዕል ግን ካብ ፖሊስ ክትሃድም ምስ ትፍትን ከም ተቃውሞ ንናይ ህዝቢ ኣገልገልቲ ኢዩ ዝሕሰብ እዚ ድማ ከም ዓቢ ገበን ኢዩ ዝቁጸር ።ዝኮነ ሰብ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ በደላት ተጋጢምዎ ወይ ናብ ፖሊስ ወይ ውን ናብ ኣኽባሪ ሕጊ ቤትጽሕፈት ከይድ ክሕብር ይኽእል ።

ኣገዳሲ! ግዳይ ናይ ጎነጽን ምፍርራሕን እንተኾንካ መርትዖ(ደረቅ ስእሊ ወይ ተንቀሳቃሲ ስእሊ) ሓዝ ፣ ሕክምናዊ ሓገዝ ውን ሕተት ምስዞም ኣብ ምዕራፍ 6 ተዘርዚሮም ዘሎዉ ኣድራሻታት ውን ርክብ ግበር ። ⏮

## 2 ንምንታይ ኢኻ ኣብ መቀበሊ ማእከል ዘሎኻ ? መቀበሊ ማእከል እንታይ ኢዩ ጥቕምታቶም ? ክሳብ ክንደይ ግዜ ኢኻ ኣብ መቀበሊ ማእከላት ክትጸንሕ ?

ናብ ጥሊያን ምስ በጻሕካ ናብዘን ዝስዕባ መቀበሊ ማእከላት ኢኻ ክትስደድ ፧

### HOTSPOT/CPSA ቀዳማይ ረዴኤትን መቀበሊ ማእከልን

እዞም ማእከላት እዚኦም ስደተኛታት እግሮም ኣብ ጥሊያን ኣብ ዝረገጹሉ መጀመርታ ዛትውዎ መቀበሊ ማእከል እዩ ። እዘን መቀበሊ ማእከላት ነቲ ናይ መንነት ምልላይ መስርሕ እየን ዘተግብራ(ከምት ኣብ ምዕራፍ 3.1 ዝተገልጸ) ኣብ ገለ እዋናት ውን ናይ ዑቕባ ቅጥዕታት ውን ይመልኣ እየን ።ከምቲ እቲ ሕጊ ዝሕብሮ ኣብዘን መቀበሊ ማእከላት እቲ ዝነውሐ ክትጸንሖ ትኽእል 72 ሰዓት ወይ 3 መዓልታት እዩ ።እዘን ከምዚ ዓይነት መቀበሊ ማእከል ኣብ ጥሊያን ዝርከባሉ ቦታ ኣብ ላምፔዱሳ ፧ኦትራንቶ (ለቸ) ፧ፖዛሎ(ራጉሳ) እዩ ።

### CAS(CENTRI DI ACCOGLIENZA STRA-ORDINARIA/TEMPORANEA) ፍሉይ ወይ ግዚያዊ መቀበሊ ማእከል

ኣብዚ ቦታ ዝኾነ ፍሉጥ ዝኾነ ኣካይዳን ምምሕዳራዊ መንገድታትን የብሉን ፧ ስለዚ ክንደይ ትጽንሕ እቶም ኣቡኡ ዘሎዉ ሓለፍቲ እዮም ዝውስንዎ ።ኣጀማምሮኦም ግዚያዊ መቀበሊ ማእከላት ንክኾኑ ኢዩ ኔሩ ግን ኣብዚ ሕጂ እዋን ከም ካላኣይ መቀበሊ ማእከል ኮይኖም የገልግሉ ኣሎዉ ። ኣብዚ ዓይነት መቀበሊ ማእከል ውን ምስዚ ዓይነት ዝምደቡ ክልተ ማእከላት ኣሎዉ CDAን CARA ዝባሃሉ ማእከላት መቀበሊ ። በቲ ሕጊ መሰረት ኣብ CDA ንቁሩብ ምዓልታት ምጽናሕ እዩ ዝፍቀድ ኣብ CARA ግንተነውሐ ክሳብ 35 መዓልታት ምጽናሕ እዩ ዝፍቀድ። እዞም መቀበሊ ማእከላት CDA ን CARA ኣብ ጥሊያን ኣብ ኣርከቪያ(ኣንኮና) ፧ ካስተልኑቮ ዲ ፖርቶ(ሮማ) ፧ቦርጎ መዛኖነ(ፎጊያ)፧ ፓለስ(ባሪ) ፧ረስቲንኮ(ብሪንዲሲ)፧ዶን ቶኒኖ ቤሎ(ለቸ) ፧ሎካሊታ ስ.ኣና(ክሮቶን) ፧ሚነዮ(ካታኒያ)፧ ፖዛሎ(ራጉሳ)፧ ኮንትራዳ ፒያን ደል ላጎ (ካልታኒሰታ)፧ሳሊና ግራንደ(ትራፓኒ) ፧ኤልማስ(ካግሊያሪ) ከም ተወሳኺ ውን ናይ CARAኣካይዳ ዝኽተል መቀበሊ ማእከል ውን ቅድሚ ህጂ ምቀየዲ ዝነበረ ኣብ ሚላን ፧ግራንዲስካ ዲልሶንዞ(ጎርዚያ) ይርከቡ ።

ቅድሚ ቁሩብ ሰሙናት ውን ቀዳማይ “ ዞባዊ መሀደሲ“ኣብ ቦሎኛን ኣግረጊቶን ተኸፊቱ ነቲ ሓዲሽ ሕጊ ናይ ጥሊያንን ኤውርፓዊ ሕብረትን ኣብ ግብሪ ዘውዕል

ኣብ ደቡባዊ ጥሊያን ካልኦት ተወሰኽቲ መቀበሊ ማእከላታ ኣብ ደረጃታት ን ሕጋጋትን ዘይኣተዋ ።ብዙሓት ኣብ ጥሊያን ዝርከባ መቀበሊ ማእከላት ዋሕዲ መሳለጥያን ጽበት ቦታን ዘሎወን ኮይነን ኣብቲ ስደተኛታት ዝቅመጥሉ ውን ሙልእ ንብረት ስለዘይብሉ ክጽገሙ ትዕዘብ ።

ተወሳኺ ውን ካሎኦት ማእከላት ኣሎዉ፣

SPRAR (Sistema di Protezione per Richiedenti Asilo e Rifugiati) ንሓተቲ ዑቅባ ከም ጸግዒ ኮይኖም ዝከላኸሉ እዚኦም መቀበሊ ማእከላት ብኻላኣይ ደረጃ ዝስርዑ ኮይኖም ኣገልግሎቶም ድማ ነቶም ኣህጉራዊ ዑቅባ ዝሓቱ ዘሎዉ ወይን ሕቶ ኣቅሪቦም ተቀባልነት ዝረኸቡ ይቅበሉ ።እዚኦም መቀበሊ ማእከላት ብኻላኣይ ደረጃ ዝጥመቱ ኮይኖም ሕጋዊ ኣካይዳ ዝኸተሉ ኢዮም ብ መንግስቲ እቲ ሃገርን ብማሕበራትን ዝማሓደሩ ኮይኖም ካብቲ መሰረታዊ ንጥፈታት ጀሚርካ ክሳብ ኩሉ ዓይነት ንጥፈታትን ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ሓገዝን ይርከቦም ።እቲ ቀንዲ ጸገም ኣብ ጥሊያን እዞም ኣብ ላዕሊ ክንጠቅሶም ዝጸናሕና(CAS) መቀበሊ ማእከላት ምስዞም ከም ካላይ ደረጃ(SPRAR) ዝዘርዘርናዮም ማእከላት ክወዳደሩ እንከለዉ ኣዚዮም ዝኸፉኡ ኢዮም ።

ኣገዳሲ! ኣብ ዝኾነ እዋን ካብዞም መቀበሊ ማእከላት ብውልቅኻ ናብ ካልእ ቦታ ኣብ ትንቀሳቀሰሉ (ዋላ ንሓጺር ግዜ ይኹን) እቲ ኦርጂናል ወረቀት ናይ መንበሪ ፍቃድ ካብ ነብስኻ ኣይትፍለዮ፣ ኣብ ምጽባይ ነቲ ወረቀት እንተ ኣሎኻ ውን ከም ትጽበ ዘሎኻ ዝገልጽ ሕጋዊ ወረቅት ካብ ኢድካ ኣይትፍለ ። ሕጊ ናይ ጥሊያን ከም ዘረድኦ ፖሊስ ጥሊያን ዝኾነ ፈተሻ ኣብ ዝገብሩሉ ሕጋዊ ወረቀት እንተዘይ ሃሊዩካ ከም ገበን ተቆጺሩ ሓደ ዓመትማእሰርትን 2000ኤውሮ ብገንዘብን መቅጻዕትን ከስዕብ ይኽእል ። ኩሉ ግዜ እታ ካብ ትነብረላ ዘሎኻ መቀበሊ ማእከል ኣበይ ከም ትነብር ዘሎኻ ትገልጽ ወረቀት ውን ምሳኻ ሓዛ ።

ኣገዳሲ! ኣብ ዝኾነ መቀበሊ ማእከል ኣብ ትጸንሓሉ እዋን ብዘይፍቃድ ነቲ መቀበሊ ማእከል ገዲፍካዮ ምስ ትወጽእ ናብቲ ቦታ ናይ ምምላስ መሰልካ የብቅዕ ናይ ዑቅባ ምሕታት መሰልካ ግን ኣይትኽልከልን ።ነቲ መቀበሊ ማእከል ገዲፍካዮ እንተወጺኻ ጉዳይካ ኣብ ሃደጋ ከም ተእቱ ዘሎኻ ክርዳኣካ ኣሎዎ ምኽንያቱ ንጉዳይካ ዝከታተል ዘሎ ኣካል ብቀሊል ክረኽበካ ኣይክእልን ሓድሽ ሓቤሬታ ምስ ዝመጽእ ውን ኣብ እዋኑ ክበጽሓካ ኣይክእልን ።ኣብ ከምዚ ግዜያት ነቲ ዘሎኻዮ ሓድሽ ኣድራሻ ግድን ሓብር ምኽንያቱ እቲ ጉዳይካ ዝሰምዕ ኣካል ናብቲ ዘሎኻዮ ኣድራሻ መልእኽቲ መታን ክሰደልካ ።ኩለን ማእከላት

ናታተን ሕግታትን መምርሒታትን ኣሎወን ነዚ ምስ ዘይተኸብር ካብቲ ቦታ ናይ ምስግዋግ ዕድል ከጋጥም ይኽእል እዩ ። ናይቲ ቦታ ሕግታትን መምርሒታትን በቲ ዝርዳእካ ቅዋንቃ ክትንገር መሰልካ ኢዩ ።

ከም ተወሳኺ ናይዘን ዝተገልጻ ማእከላት ኣብ ጥልያን ካልእ ውን ኣሎ ፣

CPR (Centri di Permanenza per i Rimpatri)ማእከል መለልይን መጠረዝን እዞም ማእከላት ብ መሰረት ሚኒስትሪ ውሽጣዊ ጉዳያት ጥሊያን ዝሰየሞም ፣ነቶም ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ መሬት ጥሊያን ዝረገጹ ፣ሕቶ ናይ ዑቅባ ዘየቅረቡ ወይ ውን ነቲ ሕቶ ንምሕታት ብቁዕ ረቜዋሒታት ዘየማልኡ ፣ናይ መጽንሒ ፍቃድ ዘይተዋህቡ ወይ ውን ናይ ምጥራዝ መልሲ ዝተበየነሎም ወይ ሕቶኦም ዝተነጽገ ሓንሳብ ንኽጥረዙ ዘተለለዩ ዝቐመጥሉ እዩ ። ኣብዚ ቦታ ትጸንሓሉ ተበዝሀ 90 መዓልታት ወይ ድማ እቲ ናይ ዑቅባ ሕቶ ድሕሪ ምቅያድኻ ተመጺኡ ድማ ክሳብ 12 ኣዋርሕ ክትጸንሕ ትኽእል ። CIE እብ ጥሊያን ኣብ ከተማታት ቱሪን ፣ሮም ፣ባሪ ፣ትራፓኒ ፣ካልታኒሰታ ከሙኡውን እቶም ክልተ ሓደሽቲ ማእከላት ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተኸፍቱ ድማ ኣብ ረስቲንኮ(ብሪንዲሲ), ክሮቶነ ይርከብ ።ንተወሳኺ ሓበሬታ ⏮

## 3 ኣየኖት መሰረታዊ መሰላትካ ክጋሃሱ ይኽእሉ ? እንታይ ዓይነት ጸገም ከ ክጋጥመካ ይኽእል ?

ኣብቲ ኣብ መቀበሊ ማእከል ኣብ ትጸንሓሉ እዋናት ካብቶም ቀንዲ ዘጋጥሙኻ ጸገማትን ምግሃስ መሰላትካን እዞም ዝስዕቡ ኢዮም ።

- ዋሕዲ ሓቤሬታ(ብዛዕባ መሰላትካ ፣ ሕቶ ዑቅባ፣ ኣበይ ኣሎኻን ናበይ ክትከይድን ኢኻ ፣ክሳብ ክንደይ ግዜ ዝኸውን ኢኻ ኣብቲ መቀበሊ ማእከል ከምትጸንሕ)
- ዋሕዲ ተርጎምትን ኪኢላታት ናይ ስነ ማሕበራዊ ጉዳያትን
- ዋሕዲ ሕክምናዊ ሓገዝን መድሃኒታትን (ብ ነጻ ናብ ኩሉ ክበጽሕ ዝግበኦ ብፍላይ ድማ ምክንኻን ንተነቀፍቲ ሕሙማት ከም ጥኑሳት ፣ቆሉዑት ፣ኣረገውቲን ሕሙማት ሰባትን)
- ዋሕዲ ናይ ስነ ሕጊ ሓገዝ
- ዘየዕግብ ናይ ኣቀባብላ ኩነታት (እዞም መቀበሊ ቦታታ ኣብ ጽቅጥቅጥ ዝበለ ቦታ ዝተዶኮኑ ስለዝኾኑ ወይ ውን ካብ ከተማታት ርሕቅ ዝበሉ

ስለዝኾኑ፣ ዋሕዲ ዓራት ፣ፍርናሽ ፣መሕጸቢ ነብሲ ፣ ሽቃቅን መሞቂ)

- ሕጽረት ናይ መሰረታዊ ነገራት(ማይ ፣መግቢን ክዳንን)
- ሕጽረት ካሎት ነገራትን ኣድለይቲ ኣገልግሎትን(ናይ ጁባ ገንዘብን ናይ ተሊፎን ካርድን)
- ከፊል ወይ ሙሉእ ግዳበ ናይ ውልቃዊ ናጽነትካ
- ምንእኣስ ፣ሕማቅ ባህሪ፣ ቃላታዊ ወይ ኣካልዊ ጎነጽ ብ ሓይልታት ፖሊስ ወይ ካልእ ሓይልታት (ሰኣሕተኛ ናይቲ መቀበሊ ማእከል ፣ ፖለቲካውያን ሰልፍታት ን ደቀባትን)
- ጸገማት ምስ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ (ምዱንጋይ ወረቃቅቲ) ⏮

## 4 ኣብ ከምዚ እዋናት እንታይ ክትከብር ትኽእል ?

ንስኻ ግዳይ ወይ ምስክር ናይ ምግሃስ መሰላትካ ፣ ናይ ምንእኣስ ኩነታት ምስ ዘጋጥመካ ነቲ ኣብ ከባቢ ኻ ዘሎ ትካላት ወይ ማሕበራት ክትሕብር ኣገዳሲ ኢዩ ።ናብቶም ሓለፍቲ ናይቲ ዘሎኻዮ ቦታ ውን ሓብር ዋላ ንሶም ነቲ ጸገም ናይ ምስማዕ ድሌት ኣይሃልዎም።ኣስተብህል ማንም ሰራሕተኛ ኣብቲ ቦታ ዘሎ መሰረታዊ መሰላትካ ናይ ምኽባር ግዴታ ኣሎዎ ።

ዘክር! ኣብ ጥሊያን ሕጋዊ ናይ መጽንሒ ፍቃድ እንተዘይሃሊዩካ ገበን ከም ትሰርሕ ከም ዘሎኻ ኣስተብህል ። ንዝኾነ ኣካል ይኹን ማሕበር ከተምልክት እንታሃሊዩካ ግድን ኣመልክት ፣ክትረኽቦም ዝደለኻ ማህበራት ኣብ ምዕራፍ 6 ተዘርዚሮም ኣሎዉ ።

ጸገማት ተሃሊዩ ውን ኩሉ ክትስንዶ ኣገዳሲ ኢዩ ።ስለዚ ንሕና ንብለካ ንኹሉ ዘጋጥመካ ምግሃስ ሰባዊ መሰላትካ ብ ተንቀሳቃሲ ስእሊ ፣ ብደረቅ ስእሊ ፣ ብጽሕፈት ብዝተኻእለ መጠን ስንዶ ።ዕለትን ቦታን ናይቲ ዘጋጠመ ውን ብዝርዝር ጸሓፍ ። ብዙሓት ሰባት ዝተሳተፍዎ እንተኾይኑ ውን ዝዛረበልካ ሰብ መሪጽካ ኩሉ እቲ ዛኣከብካዮ ከተቅርቦ ተመራጺ ይኸውን (ከም ደብዳቤ ፣ጽሑፋት ፣ደረቅን ተንቀሳቃስን ስእልታት) ።

ኣሰናዪ ዘይብሎምን ግዳያት ዘይሕጋውያን ኣሰጋግርትን - እዚ ሓድሽ ሕጊ ኣብ ልዕሊ እቶም ብዘይ ኣሰናዪ ዝመጹ ወጻእተኛታት ቆሉዑት ዝጽውዖ ካብቲ ኣገዳሲ ነጥብታት ፣

- ምውጋድ ኣብ ዶባት ምንጻግ

- ኣብ እዋን ቃለመሕተት ንመንነት ንምጽራይ ዝግበር ህላውነት ናይ ማሕበራት ወይ ድማ መንጎኛ ነቲ ናይ ትሕቲ ዕድሜ ዝጣበቑን ዝሕሉዉን
- እቲ መስርሕ ምጽራይ መብዛሕቱ ግዜ ብ ፓስፖርት ወይ ድማ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ብምውካስ ኢዩ ዝግበር ። ሳሕቲ ውን እቲ መስርሕ ሓይሊ ባስገዳድ ክትግበር ይኽእል ኢዩ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኣሉታዊ ውጺኢታት ምስ ዘስዕብ ናይ ይግባይ መሰልካ ምስ ጠበቃኻ ተዘራሪብካ ይግባይ ክትብል ኣሎካ
- ምጽራይ መንነት  ናይቲ ትሕቲ ዕድመ ብቀጥታ ድህሪ ሰባኣዊ ሓገዛት ክኸውን ኣሎዎ
- ፍቃድ ናይ መንበሪ ብማእከላይ ቤትጽሕፈት ናይ ፖሊስ ዋላ ውን ስድራ ኣይ ሃልዎ ክዋሃቦ
- ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ክግበረሉ ከሙኡ ውን ነጻ ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ክፍቀደሉ ነቲ ኣብ ዝኾነ እዋን ዝግበር ናይ ሕጊ መስርሓት
- ናይ ውሕስነት መሰል ከምቶም ካሎኦት ሓተቲ ዑቅባ ክዋሃቦ ዋላ ነቲ ስድራ ዘይብሉ ገና ውን ናይ ዑቅባ ሕቶ ዘየቅረበ
- ሕጋዊ ሞግዚት ክህልዎ ኣብ ናይ ሕጋዊ ጉዳያት ከም ወኪሉ ኮይኑ ዝቀርብ
- ነጻ ናይ ሕክምናን ትምህርቲን ኣገልግሎት ክዋሃቦ

*መጠንቀቕታ ፤*
ትሕቲ ዕድመ ኣንተዳኣ ኮይንካ እቲ ቁኑዕ ዕለተ ልደትካ ከተመዝግብ ኣሎካ ። እንድሕር ጌጋ ዕለተ ልደት እንድሕር ሂብካ ከተመዓራርዮ ኣሎካ ወይ ንጠበቕ ወይ ድማ ኣብ ከባቢካ ንዘሎዋ ማሕበራት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ ንተወሳኺ ሓገዝ ። ትሕቲ ዕድመ ኮንካ ኣብ ልዕሊ ዕድመ ዝጸንሕሉ መጻንሒ ማእከላት እንተሃሊካ ናብቲ ናይ ትሕቲ ዕድመ መጽንሒ ማእከላት ንኽተከይድ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ ።

ንስኻ ግዳይ ናይ ዘይሕጋውያን ኣሰጋገርቲ ፤ ግዱድ ናይ ዝሙት ስራሕ ወይ ድማ ናይ ምልማን እንተኾንካ ወይ ውን ናብ ዘይተደልየ ጸገማትን ጸቕጢን ኣብ ጥልያን ምስ ኣተካ ዘተቃላዕካ ኣንተኾንካ ናብ ኣብ ከባቢካ ዘሎዉ ኣካላት ከም ፖሊስን ካሎኦትን ኣመልክት ።ፍሉይ ደገፍን ሃገዛትን ኣብ ዝዋህቦ መስርሕ ን ቦታን ንኽጥርነፍ መሰልካ ኢዩ ።
እዚ መደብ ዋላውን ነቶም ብዘይ ኣሰናዩ ዝምጹ ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታትን ግዳያትን ናይ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባትን ዝኾነ ዘማእከለ ኢዩ ። እዚ ድማ በቲ ሓድሽ ሕጊ መሰረት ብምግባር ዋላ

ድሕሪ 18 ኦኣመት ምርጋጸም ውን እቲ ሓገዛት ይቕጽል ኢዩ ።

መጠንቐቕታ ፣
ካብቶም ትፈርሖም ዘሎኻን ኣብ ሓደጋ ከውዱቁኺ ይኽእሉ ኢዮም ትብሎም ኣካላት ዘሎኻዮ ቦታ ንኽይትፍለጥ ደረቕ ይኹን ተንቀሳቃሲ ስእልታትካ ኣብ ገጻት ኢንተርነት ዘይምስቃል ።

ግዳያት ናይ ዘይሕጋዊ ናይ ደቂሰባት ምስግጋር ዝኾኑ ንናይ መንበሪ ፍቓድ ንኽሓቱ ይኽእሉ ኢዮም(ማሕበራዊ ውሕስነት - ዓንቀጽ 18) ።
ንተወሳኺ ሓገዝ ሃገራዊ ማሕበር ጸረ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ደቂ ሰባት ብነጻ ብምድዋል 800290290 ክትውከስ ትኽእል ወይ ውን ኣብቲ ዘሎኻዮ ከተማ ዝርከባ ማሕበራት ምውካስ ይከኣል ⏮

# ምዕራፍ 4 እንታይ ኢኻ ክትገብር ትደሊ ሕጂ?

## 1 ብቐልጡፍ ዑቕባ ኣብ ጥሊያን ክትሓትት ደሊኻ ኣሎኻ

ኣብቲ ዘሎኻዮ ከተማ ወይ ዞባ ክትጸንሕ እንድሕር ምርጫኻ ኮይኑ ኣብ ምዕራፍ 5 ተወከስ ሓበሬታ። ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምሕታት ዝድሊየካ ኩሉ ኣብቲ ምዕራፍ ክትረኽቦ ኢኻ ። ዘክር በዚ ኣብ ዚመወከሲ ዘሎ ካርታ ተሓጊዝካ እተን መቀበሊ ማእከላት ኣበይ ከምዝርከባ ክትፈልጥ ትኽእል ኢኻ ።ዝኾነ ሓገዝ እንተኣድሊዩካ ኣብ ከባቢኻ ዘሎዋ ማሕበራት ክትውከስ ትኽእል ኢኻ ምዕራፍ 6 ተወከስ ። ⏮

## 2 ናብ ካሎኦት ከተማታት ናይ ጥሊያን ክትከይድ ምስ ትደሊ

ኣብዚ መወከሲ ዘሎ ካርታ ብጥንቃቐ ክትዕዘቦ ንመኽረካ ። ኣብ ምዕራፍ 6 ዝሕግዙኻ ማሕበራት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ዘክር! እታ ብፖሊስ ዝተዋሃበትካ መለልይ መንነት ጥራይ ሒዝካ ምስ ትህሉ ከሙኡውን ቕጥዒ ናይ C3 ኣብቲ ዘሎኻዮ መቀበሊ ማእከል ምስ ዘይትመልእ ናብ ካሎት ከተማታት ናይ ጥሊያን ከድካ ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ከተቅርብ ትኽእል ኢኻ ።

ኣገዳሲ! ኣብ ጥልያን ብፍላይ ነቶም

ሓደሽቲ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክንቀሳቀሱ ዝደልዩ ግዳይ ናይ ኣሰጋገርቲ(ሰምሰርቲ) ወይ ውን ናይ ሓገዝቶምን ኢዮም ዝኾኑ ምኽንያቱ ብ ኣውቶቡስ ወይ ታክሲ ወይ ውን ብባቡር ስለዝግዋዓዙ ሰኣን ዋጋ ምፍላጥ ብዙሕ ከኽፍልዎም ትዕዘብ ። ስለዚ ኣብ ኣውቶቡስ ወይ ውን ኣብቲ መንገዲ ባቡር ምስ በጻሕኩም ኣቀዲምኩም ዋጋ ናይ ቲኬት ተመልከቱ ።

## ሓበሬታ ኣብ ቬንቲሚሊያ(ኣብ ሞንጎ ዶባት ጥልያንን ፈረንሳን)፣ ኮሞ (ኣብ ሞንጎ ዶባት ጥልያንን ስዊዘርላንድን)ከሙኡ ውን ቦልዛኖ ወይ ብረንነር(ኣብ ሞንጎ ዶባት ጥልያንን ኣኡስትሪያን)

ኣብዘን ከተማታት ኣየኖት ማሕበራት ከምዘሎዋ ንምፍላጥ ኣብ ምዕራፍ 6 ተወከስ ኣብ www.w2eu.info ዝብል ገጻት ናይ ኢንተርነት ብምውካስ ነቶም ኣብ ሙሉእ ኤውሮፓ ዝርከቡ ማሕበራት ኣድራሽኦም ብ ኣርባዕተ ቅዋንቃታት ኤንግሊሽ ፣ፈረንሳ ፣ዓረብን ፋርሲን ክትረኽብዎም ትኽእሉ ።

- ኣገዳሲ፣ ኣብዘን ዶባት ወይ ውን ቦታት ድሕሪ ኣብ ጥሊያን ምብጻሕኩም እንድሕር እግርኹም ኣንቢርኩም ከሙውን ኣብ ጥሊያን ፖለቲካዊ ሕቶ ከምዘቅረብኩም እንተተፈሊጥኩም ከጋጠመኩም ዝኽእል ኩነታት ፣
- ናብ መበቆል ዓድኹም ክትምለሱ
- ኣብተን ንስደተኛታት ተባሂለን ዝተዳለዋ ማእከላት ናይ ምእታው ጸገማትን ናይ ዑቅባ ሕቶ ንምቅራብን ሽግር ከጋጥመኩም ይኽእል ኢዩ
- ናብ ዓድካ ናይ ምምላስ ዝሕብር ወረቀት ውን ክመጻኩም ይኽእል ኢዩ
- ብግዴታ ካብተን ኣብ ጥቃኻ ዘሎዋ ናይ ስደተኛታት ማእከላት ናብ ካሎኦት ክትሰጋገር ትኽእል

*መጠንቀቅታ፣*

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ምቁጽጻር ናይ ብሄራትን መበቆል ሃገርን ኣብ ዶባት ፣ ነቁጣ ናይ ባቡር መጸበዪን ኣብ ከባቢ ከተማታትን ኣብ ዶባት ፈረንሳ ፣ ስዊዘርላንድን ኣውስትሪያን እንዳወሰኸ ኢዩ ዝመጽእ ዘሎ ። ኣብተን ናብ ዶባት ዘምርሓ ባቡራት ውን ምቁጽጻርን ደው ኣቢልካ ምሕታትን ብብዝሒ ዘጋጥም ዘሎ ኢዩ ።ኣብ ደቡባዊ ጥልያን ምንጭታት ከም ዝሕብርዎ ካብዚ ቦታታት ብግዴታ ናብ ካሎኦት መቀበሊ ነቁጣታት ብዙሓት ስደተኛታት ይሰጋገሩ ኣሎዉ ።

*መጠንቀቅታ፣*

ክትርዶኦ ዘሎካ እንድሕር ኣብ ልዕሊ ባቡር ተሰቂልካ ነቲ ዶባት ክትሰግሮ ምስ ትፍትን ግዳይ ናይ ኤሌትሪክ ክትከውን ከምትኽእል ወይ ውን ብገለሪያታት ናይ ባቡር ምስ ትጉዓዝ ሃደጋ ናይ መግጨውቲ ከጋጥመካ ከም ዝኽእል ።

**ቬንቲሚሊያ (VENTIMIGLIA)**

መጠንቀቅታ፤

መብዛሕቲኡ ግዜ ስደተኛታት ብሓለዋ ናይ ዶባት ይተመልሱ ውይ ውን ኣብ ካብ መዕቆቢ ማእከላት ወጺኦም ኣብ ደገ ዝድቅሱ ተታሂዞም ብግዴታ ናብ ኣብ ዶቡብ ጥልያን ዝርከብ ማዓስከራት ኢዮም ዝውሰዱ(ናብ ማዓስከራት ታራንቶ ወይ ክሮቶኖ) ። እንድሕር ደው ኣቢሎምኻ ናብተን ኣብ ከባቢኻ ዘሎዋ ማሕበራት ርክብ ክትገብር ፈትን ትሕቲ ዕድመ ምስ ትኸውን ድማ ብግልጺ ከምዚ ዝስዕብ በሎም *SONO MINORE* (ኣነ ትሕቲ ዕድመ ኢየ) እንድሕር ዑቅባ ክትሓትት እንተኾንካ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ምዕራፍ 6 ተጠቒሱ ዘሎ ተመልኪትካ ብጽሑፍን ብቃልን ሓብር ።

ምቁጽጻርን ምንጻግን ኣብተን ጎረቤት ናይ ትሊያን ዘሎዋ ከተማታት ውን ወሲኹ ኢዩ ዘሎ(ኣብ ከም ጀኖኣን ኢምፐሪያን)ብናይ ፈረንሳ ወገን ኮይኑ ኣብቲ ዶባት ውን ተመሳሳሊ ኩነታት ኢዩ ዘሎ ።

ፖሊስ ናይ ፈረንሳ ምቁጽጻር ብምሕያል ባቡራትን ካልእ መንገድታትን እንዳተቆጻጸሩ ነቶም ዶብ ክሰግሩ ዝተረኽቡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ናይ ምንጻግ መስርሕ የካይዱ(ዋላ ትሕቲ ዕድመ) ።ኩሉግዜ ሓንቲ ቆጽሊ ወረቀት ኢዮም ዝህቡኻ*REFUE D`ENTREE*። ስእሊ ከም ምስክር ምሓዝ እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ኢዩ ኣብቲ ዶባት ንነዊሕ ግዜ ደው ምስ ትብሉ( ኣብ ኒስ) ኩሉ እቲ ዘጋጠመኩም ብምስናድ ተገዲስኩም ሓዝዎ ።

ኣብ ቨንቲሚልያ ብ ቀይሕ መስቀል ዝካየድ *Campo Parco Roja* ዝበሃል ናይ ህጹጽ እዋን መቀበሊ ዝኸውን ማዓስከር ኣሎ ንስደተኛታት ናብ ካልእቦታ ክሰግሩ ኮሎዉ ከም መደቀሲ ፣ መግቢ ፣ መሕጸቢን ካብ ዘይመንግስታውያን ትካላት ሓገዝ ዝረኽቡሉን ቦታ ፤ግን ናብቲ ቦታ ኣብ ትኣወሉ ናይ ጥልያን ፖሊስ ንኹሎም ስደተኛታት ብኸፊላዊ ምዝገባ ማለት ናይ መመልከቲቶን ዓባይዓብይቶን ኣሰር ብምውሳድ ኢዩ (ኣብ ምዕራፍ 3 ተመልከት) ። ካብ ኣፍልጦና ፖሊስ ነዚ መግበሪኦም መንነት ናይቲ ስደተኛ ንምፍላጥ ኢዩ ፤ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ተመዝጊቢ ኔሩ ዶ ፤ ገበነኛ ዲዩ ወይስ ናይ ጥርዚያ ትእዛዝ ተዋሂብዎ ኔሩ ንምርግጋጽ ኢዩ። ካብዞም ዝተጠቅሱ እንተኾንካ ናብቲ መዓስከር ንኽታቱ እቶም ፖሊስ ኣይፈቅዱልካን እክዋ ደኣ ናብ

መአኣስከር ፖሊስ ኢኻ ትውሰድ ። እንድሕር ኣብ ጥልያን ምስ ኣተኻ በቲ ግቡእ ኣመዛግባ (ሙሉእ ኣኣዳው ናይ ኣጽብዕ ኣሰር) ወይ ውን ኣብ ማኣኣስከት ኣቲኻ እንተኔርካ ኣብቲ መቀበሊ ክታቱ ይፍቀደካ ኢዩ ኣብቲ መቀበሊ ምእታው ማለት ግን ናይ ዑቅባ ሕቶኻ ንምቅራብ ይሕግዝ ወይ ይፍቀደካ ማለት ኣይኮነን ኣብ ዝደለካዮ መዓልቲ ውን ካብቲ መቀበሊ

## ኮሞ (COMO)

ወጺኻ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ ። ግቡእ ሰነድ ዘሎዎም ኣብቲ ብምምሕዳር ዝውነን ኣብ ጎደና Primo Tatti ቁጽሪ 18 ዝርከብ *Porta Aperta* መደቀሲ ክጥቀሙ ይኽእሉ ዝኽፈተሉ ሰዓታት ሶኑይ ረቡዕ ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ክሳብ ሰዓት 12። ነቶም ሰነድ ዘይብሎ ኣብቲ ብቀይሕ መስቀል ዝመሓደር መንግስታዊ ምዓስከራት ኣብ Regina Teodolinda 40 ክኸዱ ንመክር ። ንውሱን ግዜ ኣቡ ንኽትቅመጥ ኣብ ዝቅጽላ መዓልታት ናብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኪድ ። ኣብዚ ቦታ ክትጸንሕ ትኽእል ና ፖለቲካዊ ውሕስነት ኣመልኪትካ ምስ ትህሉ ግን እቲ ሕቶኻ ወግዓውነት ምስ ዘይተልብሶ ጥራይ ኢዩ ። ነፍሰጾራትን ትሕቲ ዕድመን በዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ መለኪዒታት ኣይግደዱን ኢዮም ዋላ ኣብ ካሎኣት ከተማታት ይጀምርዎ እቲ ናይ ዑቅባ ሕቶም ብዘየገድስ ። ኣብ ግዚያት ቁሪ ካብ ወርሓት ታሕሳስ ክሳብ ወርሒ ሚያዚያ ዘሎ ቆራሪ ግዜያት ተባሂሉ ዝተዳለወ መደቀሲታት ኣሎ ነዚ ድማ ዝኮነ ሰብ ክጥቀመሉ ይኽእል ኢዩ ኣብ *porta Aperta*ከይዱ ብምምዝጋብ ።
ኣብ መርበብ ሓበሬታ w2eu website (http://w2eu.info/switzerland.en.html) ኣብ ናይ ሲዊዘርላንድ ክፍሊ ኣገደስቲ ሓበሬታታት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም ።

## ቦላንዞ \ ብረንነሮ (BOLZANO/BRENNERO)

ኣብ ከተማታት ቨሮናን ትረንቶን ብዙሕ ቁጽጽር ናይ ባቡራት ኢዩ ዘሎ(ብፍላይ OBB ን ፈጣናት ባቡራትን)ነቶም ናብ ቦልዛኖን ብረንነሮን ዝኸዱ ስደተኛታት ንምቁጽጻር ። ኣብ ብረንነሮ ንኧሽተይ ናይ መቀበሊ ማእከል ንሓንቲ ለይቲ ጥራይ ክትድቅሱሉ ዘፍቅድ ቦታ ኣሎ ግን ተመዝጊብካ ንይ ፖሊስ ፍቃድ ወረቀት ምስ ዝህልወካ ጥራይ ኢኻ ናቡ ክትኣቲ ዝፍቀደካ ። ኣብዝ ቦላንዞ ንሳገምቲ ዝኸውን መደቀሲ የሎን ። ኣብ እዋናት ክረምቲ ኣብቶ ናይ ቁሪ መጽንሒ ቦታ ክጥቀም ይከኣል ኢዩ ግን ናይ ፖሊስ መንነትካ ዝገልጽ ወረቀት ወይ መንበሪ ፍቃድ ምስ ዝህሉወካ ኢዩ ።

መጠንቀቅታ፣

ፖሊስ ኣውስትሪያ ብርቱዕ ዝኾነ ቁጽጽር ኢዩ ኣብ ባቡራት ዝገብር ሰባት ኣብ ባቡራት ዝተረኽቡ ንፈተሻ ናብ ማዓስከራት ይውሰዱ ገንዘብ ውን ከም መቅጻዕቲ ይኽፍሉ ተንቀሳቃሲ ተለፎናቶም ውን ይውሰዳ ። ንክፈትሑኹም ሕተቱዎም ከሙውን ናይቲ ዝቀጹዑኹም ገንዘብ ክንደይ ምኽዋኑን ንምንታይ ከምዝቀጽዑኹምን ክንደይ ገንዘብ ከም ዝመንጠሉኹምን ምስ መሰነይታ ወረቐት ክህቡኹም ውን ሕተትዎም።

ግዳይ ናይ ጎነጽን ምንእኣስን እንተኾንካ ወይ ውን ሓበሬታ ወይ ሓገዝ ምስ ትደሊ ነቶም ኣብ ከተማ ቨሮና ዝሰርሑ ወለንተኛታት*Antenne Migranti*፣ ትረንቶን ቦልዛኖን (ኣድራሻኦም ኣብ ምዕራፍ 6 ተወከስ)ጉዳይ ስደተኛታት ኣብ ነቁጣታትን ከተማታትን ዝከታተሉ ኣካላት ሓብር ።

## 3 ናብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ኤውሮፓ ዝርከባ ክትከይድ ምስ ትደሊ

'èኣብ ውሽጢ ኤውሮፓዊ ሕብረት ሓደ ዝተሓገገ ሕጊ ኣሎ ናይ ዳብለን መስርሕ ድማ ይባሃል ፣እዚ ሕጊን ኣሰራርሓን ድማ ሓደ ውልቀሰብ ሕቶ ንኣህጉራዊ ውሕስነት ኣበየነይቲ ሃገር ናይ ኤውሮፓ ከቅርብ ከም ዝኽእል ዝውስን ኢዩ ። ኣብ ሕጊ ዳብለን ተጠቒሱ ከም ዘሎ ሓፈሻዊ ሕጊ እታ ቀዳመይቲ እግርካ ዘንበርካልን ዝተመዝገብካላን ኤውሮፓዊት ሃገር ኣብኣ ኢኻ ናይ ፖለቲካዊ ናይ ዑቅባ ሕቶካ ከተቅርብ ዘሎካ ኣብ ምዕራፍ 3.1 ተወከስ ። እንድሕር በቲ ከፊላዊ ምዝገባ ኣብ ጥሊያን ተመዝጊብካ ናብ ካሎት ሃገራት ኤውሮፓ ኬድካ ናብ ጥሊያን ናይ ምምላስ ፍርዲ ከየጋጠመካ ዑቅባ ትሓተሉ ተኽእሎ ኣሎ ። እንድሕር በቲ ሙሉእ ዝበለ ምዝገባ እንተሓሊፍካ ግን ጥሊያን ጥራይ ኢያ ንጉዳይ ናይ ዑቅባ ሕቶኻ ትምልሶ ። በዚ ትርር ዝበለ ተመዝጊብካ ብድሕሪኡ ካብ ጥሊያን ወጺኻ ዑቅባ እንተሓቲትካ ናብ ጥሊያን ብሓይሊ ናይ ምስጓግ ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል ኢዩ ። ብመሰረት ሕጊ ናይ

ዳብሊን 3 እዞም ዝስዕቡ ሓለፋታት ኣሎዉ፣

ሀ. ናይ ዑቅባ ሕቶ ኩሉ ግዜ ኣብታ ቀዳመይቲ እግርኻ ዘንበርካላ ሃገር ኢኻ ተቅርብ ንፍሉይ ኣጋጣሚታት ግን ግድን በታ ቀዳመይቲ ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ እቲ ሓታቲ ዑቅባ ዝደለዮ ሃገር ብሽም ሰባኣውነት ዝብል መንገዲ ክረአ ይኽእል ።

ለ. ድሕሪ ኣብ ጥሊያን ምእታውካ ን 12 ኣዋርሕ ዝኾነ ናይ ዑቅባ ሕቶ ዘየቕረብካ ተኾንካ ኣብ ጥሊያን ከተቅርብ ኣይትግደድን ምኽንያቱ

ጥሊያን ናትካ ናይ ዑቅባ ሓላፍነት ስለዘይትስከም ።

ሐ. ኣብ ጥልያን እንተ ኣቲኻ እሞ ናይ ዑቅባ ሕቶ እንተዘይ ኣቅሪብካን ኣኣብ ካልእ ሃገር ናይ ኤውሮፓ ተዋሓደ ን 5 ወርሒ ከም ዝጸናሕካ ዝሕብር መረጋገጺ እንተተረኺቡ ጉዳይካ ኣብቲ ዘሎኻዮ ሃገር ክረአ ይኽእል ።

መ. ቀረባ ዘመድካ( ሰበይትኻ ፣ሰባይካ ፣ኣቦኻ ፣ ኣዴኻ ፣ወድኻ ወይ ግዋልካ) እንድሕር ናይ ኣህጉራዊ ውሕስነት ሕቱኡ ተቀባልነት ረኺቡ እንተጺኒሕካ ንስኻ ውን ብምጥርናፍ ስድራቤት ብዝብል ምኽንያት ኣብቲ ሃገር ናይ ዑቅባ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ ። እዚ ንምግባር እቶም ቀረባ ኣዝማድካ ናብ መንግስቲ ጥሊያን ደዳቤ ናይ ጠለብ ክጽሕፉ ኣሎዎም ፣ ንእሽቶይ (ትሕቲ 18 ዓመት) እንተኾንካ ናብቲ ስድራኻ ዘሎውዎ ቦታ ብምምልካት ምስ ኣቦኻ ፣ ኣዲኻ ፣ሓውኻ ፣ሓፍትኻ ብምጥርናፍ ስድራቤት ብዝብል ምኽንያት ናይ ምጥርናፍ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ። ልዕሊ ዕድመ ምስ ትኸውን ድማ ምስ ወድኻ ፣ ግዋልካ ፣ኣሞኻ ፣ሓትነኻ ፣ኣኮኻ ፣ ሓወቦኻ ወይ ውን ዓባይካ ናይ ምጥርናፍ ሕቶ ከተቕርብ ትኽእል ።

ዘክር፣ ብጉዳይ መስርሕ ዳብሊን እንድሕር ናብ ጥሊያን ተመሊስካ ካብ ካልእ ኤውሮፓዊት ሃገር ዑቅባ ንምሕታትን ኣብ መቀበሊ ማዓስከራት ንምእታውን ክብድ ዘበለ ክኸውን ይኽእል ኢዩ ። ኩሎም እቶም ዝተዋሃብካዮም ሰነዳት ብጉብእ ሓዞም ። ኣብ ሞንጎ እዞም ሰነዳት ናይ ብማእከላይ ቤትጽሕፈት ፖሊስ ዝተታሕዘልካ ቆጸራ ውን ክህሉ ስለዝኽእል ። ብዝኾነ ይኹን ንሕና ከም ንመኽረካ ምስቶም ኣብ ምዕራፍ 6 ተጠቂሶም ዘሎዉ ኣድራሻታት ርክብ ግበር ( ከም ሃገራዊ ነጽ ቁጽሪ ARCI 800905570 ከሙኡ ውን ኣብ ሚላኖ እንተሃሊኻ ኣድራሻ ናይ Community Center Diaconia Valdese - Oxfam)። ⏮

# ምዕራፍ 5 ንኣህጉራዊ ውሕስነት ኣብ ጥሊያን

## 1 ኣህጉራዊ ውሕስነት ንኽትረክብ ብኸመይ ከተመልክት ትኽእል ?

ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምርካብ ዝግበር መስርሕ ንዝኾነ ዝምልከት ኮይኑ እቲ ኣመልካቲ ግዳይ ናይ ጎነጽ ፣ማእሰርቲ ፣ምፍርራሕ ፣ ሓፈሻዊ ምግሃስ መሰረታዊ መሰላት ኣብ መበቆል ሃገር ብ ሃይማኖት ፣ቢሄር ፣ዜግነት ፣ ዓሌት (ባህሊ ፣ጾታ ፣ ትምህርቲ ፣ስራሕ) ፣ ፖለቲካዊ ርእይቶ ፣ ሃገርካ ኣብ ደጋዊ ወይ ውሽጣዊ ኲናት ምስ ትህሉ ፣ ምናልባት ናብ ሃገርካ ተተመሊስካ ናይ ሞት ወይ ውን ናይ ማእሰርቲ ሓደጋ ፣ኣሰቃቂ መርመራታት ምስ ዝኸውን እዩ ።

## 2 መዓስ ፣ ኣበይን ብኸመይን ናህጉራዊ ውሕስነት ከተመልክት ትኽእል

ዘክር! ዝኾነ ሰብ ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምርካብ ከመልክት ይፈቀዶ ኢዩ(ድላይካ እንተ ኾይኑ )። ነዚ ሕቶ ብዝመረጽካዮ መንገዲ ብጽሑፍ ወይ ውን ብቃል በቲ ንስኻ ትርዶኦ ቅዋንቃ ጌርካ ከተቅርቦ ትኽእል ግን ኣስተውዕል ናይ ፖልተካዊ ዑቅባ ሕቶኻ ሕጋውነት ዝለብስ ነቲ ብ C3 ("modello C3")ዝፍለጥ ቅጥዒ ተዋሂቡካ ምስ ትመሎኦ ጥራይ ኢዩ ቅዳሕ ውን ምሳካ ክትሕዝ ኣሎካ። ካብታ ናይ ምጽናሕ ፍቃድ ዝተዋህበካ ስጋብ መልሲ ናይ ሕቶኻ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ዝንገረካ ካብ ጥሊያን ክትወጽእ ኣይፍቀደልካን ኢዩ ። ሕቶ ኣህጉራዊ ውሕስነት ውልቃዊ ሕቶ ኢዩ (ወላዲ እንተኾንካ ትሕቲ ዕድመ ደቅኻ ኣብ ጥሊያን እንተሃሊዮም ኣብቲ ሕቶ ናትካ ይጥርነፉ) ። ሕቶ ናይ ኣህጉራዊ ውሕስነት ተቅርበሉ ናብቶም ኣብ ዶባት ዝርከቡ ኣባላት ፖሊስ ክኸውን ኣሎዎ ብ መሬት ወይ ብባሕሪ ወይ ውን ብዘይሕጋዊ ዶብ ጢሒስካ ታኣቱ እንተሃሊኻ ማለት እዩ ።ኣብ ውሽጢ ጥልያን እንተ ሃሊኻ ግን ናብ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ወይ ውን ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ብምኻድ ሕቶኻ ከተቅርብ ትኽእል ኢኻ ።

ዘክር! ድኽነት ወይ ስራሕ ክትረክብ ኣብ ጥሊያን ከም ምኽንያት ሕቶኻ እንተ ኣቅሪብካዮ ሕቶኻ ንኣህጉራዊ ውሕስነት ቅቡል ኣይኮነን ።

## 3 ውሕስነት ንምሕታት ከተማሎኦም ዘሎካ ኣገባባት

ብ መሰረት ሕጊ ጥሊያን ናብቲ ሃገር ብዘይ ሕጋዊ ቪዛ እንተ ኣቲኻ ቅድሚ ናይ ዑቅባ ሕቶኻ ምቅራብካ ክትምዝገብ ኣሎካ ። ኩሉ ግዜ መሬት ጥልያን ምስ ረገጽካ ኣባላት ፖሊስ ኣሎዉ ስእልኻን ናይ

ኣጻብዕትኻ ምልክትን ዝወስዱ። ምዕራፍ 3 ተወከስ ።ሕቶ ን ኣህጉራዊ ውሕስነት ምስ ኣቅረብካ ሰነድ ክዋሃበካ ኢዩ ብዝርዝር መዓስ ቆጸራ ከም ዘሎኻ ነቲ ሕቶኻ ሕጋውነት ንምልባስ ዝገልጽ ። እዚ ተተግብሮ ድማ ብ C3 ዝባሃል ቕጥዒ ምስ መላእካ ኢዩ ።

ኣስተውዕል ! ናይ ዑቅባ ሕቶኻ ንምቅራብ ናብ ማእከላይ ቤትጽሕፈት ፖሊስ ምስ ትኸይድ ፤ ሓደ ሓደ ሕቶታት ክትሕተት ( ሙሉእ ስምካ ፤ ዕለተ ልደትካ ን መበቆል ዓድካን)ኢኻ ። ንምንታይ ናብ ጥሊያን ከምዝመጸኻ ውን ክሓቱኻ ኢዮም ። እትህቦም መልስታትካ ድላይካ ኣብ ጥሊያን ንምስራሕ ምኻዋኑ ዘመልክቱ እንተኾይኖም ናይ ምጥራዝ ናብ ዓድኻ ትእዛዝ ክውሰነልካ ይኽእል ኢዩ ።

ሓደ ሓደ መሰረታዊ ውልቃዊ ሕቶታት ክትሕተት ኢኻ (ስም ፤ ቦታን ዕለትን ዝተወለድካሉ ፤ሓቤሪታ ብዛዕባ ስድራቤት ) ፤ መለልይ ሰነዳትካ ፤ጉዕዞኻ ካብ ሃገርካ ክሳብ ጥሊያን ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ወጺኻን ዝብሉ ። እቲ ትህቦ መልስን ሓበሬታን ነቲ ዝተሃተትካዮ ሕቶ ጥራይ ተኾነ ተመራጺ ኢዩ ።እዚ ኹሉ ምስቲ C3 ዝመላእካዮ ወረቐት ቕጥዒ ከተታሓሕዞ ትኽእል ኢኻ ።ፖሊስ ነታ ቀንዲ ቕጥዒ ወሲዶም ቅዳሕ ናታ ድማ ምሳኻ ክትተርፍ ኢያ ። ድሕሪ እዚ ኹሉ ኣገባብ ካብ ፖሊስ ንስካ ናይ ዑቅባ ሕቶ መልሲ ንኽትረክብ ኣብ ምጽባይ ከም ዘሎኻ ዝገልጽ ወረቀት("riecevuta") ክትዋሃብ ኢኻ ከም ልሙድ ድሕሪ 30 መዓልታት ኢዩ መልሲ ዝዋሃብ ። ነዚ ናይ ምምላእ ቅጥዒ ምስ ፈጸምካ ከም ናይ ዑቅባ ሕቶ ዘቕረበ ተባሂልካ ስጋብ 6 ወርሒ ዝጸንሕ ናይ መጻንሒ ፍቓድ ክትዋሃብ ኢኻ በዚ ፍቓድ ተጠቂምካ ድማ ድሕሪ ክልተ ወርሒ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ።

ዘክር ! ናይ C3 ቅጥዒ ክትመልእ እንኮሎኻ ብግልጺን ብንጹርን ስለምንታይ ዑቅባ ከምትሓትት ዘሎኻግለጽ ።

- ቅልጡፍ መጀመርታ ኣብ ጥሊያን ምስ ኣተኻ ብዝዕባ ውልቃዊ ኩነታትካን ቁጽሪ ተሌፎንካን ን መቕርብካን የዕሩኽካን ኣብ ጥልያን ወይ ኣብ ሃገራት ኤውሮፓ ንዝነብሩ ሓብር መታን ክሕጉዙኻ ።
- ምስቲ ነቲ ጉዳይካ ዝሰምዕ ኣካል መዓስ ትራኸብ ፍሉጥ ግዜ የሎን ካብ 6 ስጋብ 12 ኣዋርሕ ክወስድ ይኽእል ኢዩ ።በቲ ነቲ ጉዳይካ ንምስማዕ ተዳሊዩ ዘሎ ኣካል እዩ ዝውሰን ምናልባት ውን ቅድሚኡ ብዙሕ መስርዕ ክህሉ ይኽእል እዩ ።

- ሓደ ሰብ ከንብብ ወይ ክጽሕፍ ክእለት ተዘይብሉ ነቶም ዝምልከቶም ወይ ን ፖሊስ ክሕብር ኣሎዎ ።
- ዘክር ነቲ ንስኻ ትመልኮ ቃንቃ ዝመልኽ ተርግዋሚ ክግበረልካ መሰልካ ምኻዋኑ ። ተርግዋሚ እንተዘትሃሊዩ ውን ነቲ ተዋሂቡካ ዘሎ ቆጸራ ንምቅያር ክትሓትት መሰል ኣሎካ ።
- ቲ ናይ C3 ቅጥዒ መሊእካክትሕብር እንኮሎኻ ግድን ንፖሊስ ናትካ ንጹር ኣድራሻ ክትህብ ኣሎካ ፣ምኽንያቱ እታ ነቲ ጉዳይካ ትሰምዕ ኣካል ዝኾነ ሓበሬታ ይኹን መጸዋዕታ ንሕቶኻ ዝምልከት ክትልእኸልካ ኣብ ትደሊ እዋን ብዘይ ጸገም መታን ክትረኽበካ ። ኣብ ዝኾነ እዋን ኣድራሻ ኣብ ትቅይረሉ ንፖሊስ ሓብር ።
- ኩሉ ግዜ ናይቲ ተቕርቦ ሰነዳት ይኹን ኩሉ ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ዘረከብካዮ ወረቓቅቲ ከሙኡውን ካብ ንጉዳይካ ዝምልከቶ ኣካል ዝተቀበልካዮ ሰነዳት ቅዳሕ ምሳኻ ክትሕዝ ኣሎካ ።

## 4 ከም ን ውሕስነት ኣመልካቲ መጠን መሰላትካ እንታይ እዮም ?

- ኩሎም ኣብ ምዕራፍ 1.1 ተዘርዚሮም ዘሎዉ ተወከስ
- ጉዳይካ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ክሳብ ዝረአ ኣብ ግዛኣት ጥሊያን ዝኾነ ቦታታ ክትጸንሕ መ፣ ምናልባት ውን ሕቶኻ ምስ ዝንጸግ ክሳብ ናይ ይግባይ ንኽትብል ዝዋሃበካ ግዜ ክትጸንሕ መሰልካ ኢዩ ።
- ናብ መቀበሊ ማእከላት ክትውሰድ ኣቡኡ ውን ኩሉ ንኽትነብር ኣገዳሲ ዝባሃሉ ነገራት ከም መግቢ ፣ መደቀሲ ካሎኣትን ዛኣምሰሉ ኣድለይቲ ነገራት ክሳብ ጉዳይካ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ዝረአን ውሳነ ዝዋሃበካን ክቅረበልካ መሰልካ ኢዩ ።
- ቲ ናትካ መበቆላዊ ቃንቃኻ ዝዛረብ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታትካ ዝሕግዘካ መንነኛ ወይ ድማ ተርግዋሚ ክህልወካ መሰልካ እዩ ።
- ምስ ከም ላዕለዋይ ተጸዋዒ ናይ ስደተኛታት ኣብ ውዱብ ሐቡራት ሃገራት (UNHCR) ፣ ማህበራትን

ዘይመንግስታዊ ትካላትን ብዛዕባ ናይ ዑቅባ ምሕታት ጉዳይ ዝምልከት ርክብ ክትገብር ምሉእ መሰል ኣሎካ ።

- ብ ማእከል ጥዕናታት ዝዋሃብ ኩሉ ክትረኽቦ ምሉእ መሰል ኣሎካ
- ንክትሰርሕ(ገና ጉዳይካ ንምቅራብ ኣብ ምጽባይ እንተሃሊኻ እቲ ናይ ምጽናሕ ፍቃድ ምስ ኣውጻኻ ድሕሪ ክልተ ወርሒ) ውን ምሉእ መሰል ኣሎካ ።
- ኣብ መስርሕ ሕቶ ናይ ኣህጉራዊ ውሓስነት ናይ ሕጊ ሓገዛት ክግበረልካ

# 5 ውልቃዊ ታሪኽካ ብኸመይ ተዳሉ ?

ነቲ ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምርካብ ተቅርቦ ሕቶ በታ ኣብቲ ዘሎኻዮ ከባቢ ትርከብ(እቲ ቀንዲ ቤት ጽሕፈት ናይ ፖሊስ እታ ኮሚተ መዓስ ምሳኻ ከምትራኸብ ክሕብረካ ኢዩ ) ፍልይቲ ኮሚተ ኢዩ ዝምመ ። ክሳብ እቲ ግዜ ዛኣክል ጽቡቕ ጌርካ ክትዳሎ ኣሎካ ። ኣብቲ ዘሎኻዮ ቦታ ዝርከቡ ጠበቃታትን ናይ ህዝቢ ኣገልገልትን ነቲ ጽሑፍ ንምድላው ክሕግዙኻን ናብታ ንጉዳይካ ትሰምዕ ፍልይቲ ኮሚተ ውን ኣብ ምስዳድ ክተሓጋገዙኻ ይኽእሉ ኢዮም። ኣብ ምዕራፍ 6 ዘሎዉ ማሕበራት ውን ክትውከስ ትኽእሊ ኢኻ ።

## ንታሪኽካ ይገልጽ ወረቀት ብኸመዝ ተዳሉ

- መጀመርታ ናዝ ምንታይ ሃገር ዜጋ ምኻዋንካ ትገልጽ ፣ ዘተወለድካሉ ዕለትን ቦታን ፣ትነብረሉ ዝነበርካ ቦታ ፣ ደረጃ ትምህርትኻ ፣ ቦታ ወይ ዓይነት ስራሕካ ፣ ስድራቤትካ መን ኢዮም ፣ ናይ ሓዳር ኩነታትካ ቆልዑ ኣሎዉኻ ዲዮም ፣ ቢሄርካ ፣ ሃይማኖትካን ምስ ዝኾነ ፖለቲካዊ ሰልፊ ምትእስሳር እንተሎካ ።
- ስለምንታይ ካብ ሃገርካ ክትሃድም ተገዲድካ ዝነብርካዮ ኩነታት ከመይ ይመስል ስቅያትካ ከመይ ኔሩ( ኣብ ቤትማእሰርቲ ፣ ጎነጽ ፣ ዓመጽ ፣ ምኽንሻብ ወዲ ወይ ጓል ፣ ምፍርራህን ... ወዘተ )
- ብኸመይ ሃዲምካ ፣ ክንደይ ሃገራት ሓሊፍካ ኣብዚ በጺሕካ ፣ እንታዝ ዓይነት መግዋዓዚያ ተጠቂምካ ። ክንደይ ገንዘብ ከፊልካ ነዚ መንገድኻ ፣ በተን ዝሓለፍካየን ሃገራት እንታይ ዓይነት ጸገማት ኣጋጢሙካ ፣ ብዛዕባ ዘጋጠሙኻ ዘይሕጋውያን

ናይ ደቂ ሰባት ኣሰጋገርትን ኣብመገዲ ዝራኽዮም ዝሞቱ ሰባት እንተሃሊዮም ። ኣብ ጽሑፍካ ብግልጺ ግለጽ ንምንታይ ንሃገርካ ክትምለስ ከምዘይትኽእል እንተተመሊስካ ኸ እንታይ እዩ ከጋጥመካ ዝኽእል ምስቲ ሕጊ ናይታ ሃገር ወይ ዝተመልሱ እሞ ብተግባር ዘጋጠመ እንተሃልዩ ምስ ኣብ ሃገርካ ዘሎ ቀራቢኻ ርክብ እንተሃሊዩካ ውን ጥቐሶ ።

ኣስተውዕል ኣብ እዋን ቃለመሕተት ተርግዋሚ ክቕረበልካ ኢዩ ርግጸኛ ኩን ቅድሚ ምጅማርኩም ጽቡቕ ክትረዳዱኡ ከም ትኽእሉ ።

ኣገዳሲ! ካብታ ን ኣህጉራዊ ውሕስነት ንምርካብ ሕቶ ዘቕረብካላ ግዜ ጀሚርካ ኩሉ እቲ ናዓኻ ዘገድስ ውልቃዊ ሰነዳትካ(ምስክር ወረቀት ፣ ደብዳቤታት ፣ መለለይ መንነት .... ውዘተ) ንምንታይ ካብ ሃገርካ ከም ዝወጻኻ ፣ ኣብ ሓደጋ ከም ዘሎካ ዘመልክቱ ኩሎም ደብዳቤታት(ኣዝማድካ ይኹኑ ቀረብትኻ ብምውካስ ካብ ሃገርካ ከተምጽኦ ትኽእል) ይኹኑ ተራ ወረቓቅቲ ኣብ ምቕራብ ክትግደስ ኣሎካ ። ኣብ ጥሊያን ውን እቶም ኣገደስቲ ዝበልካዮም ናይ ሕክምና ወረቓቅቲ ከሙውን ምስክር ወረቀት ክትቕርብ ትኽእል ።ናብታ ጉዳይካ ትሰምዕ ኣካል ነዞም ሰነዳት ኣቀዲምካ ክትሰዶም ጽቡቕ እዩ ኣብቲ ሕቶኻኣብ ተቕርበሉ ማዓልቲ ውን ምሳኻ ሒዝካዮም ክትቀርብ ኣዚዩ ኣገዳሲ ኢዩ ነቶም ዝምልከቶም ኣካላት ውን ምስ ተረክቦ ንሕቶኻ ጽቡቕ ድጋፍ እዩ ።

## 6 እንታይ ዓይነት መልሲ ካብታ ኮሚተ ክትረክብ ትኽእል ?

በቲ ሕጊ እታ ኮሚተ ኣብ ውሽጢ 6 ወርሒ ክትምልስ ትኽእል ( ወይ ድማ ስጋብ 9 ወይ 12 ወርሒ እቲ ጉዳይ ፍሉይነት እንተሃሊዎ) ።

- ከም ናይ ዑቅባ ሓታቲ ተፈሊጥካ ናይ 5 ዓመት ናይ መጽንሒ ፍቓድ ይዋሃበካ(ኣብ ነፍስወከፍ ዝወድቀሉ ዕለት ይሕደስ) ናይ ጉዕዞ ሰነድ ውን ትዋሃብ (ፓስፖርት) ።
- ናይ ዑቕባ ሕቶኻ ይንጸግ ግን ብ ሰባኣውነት ዝብል ምኽንያት ካብ ክፍሊ ፖሊስ ኣብ ክልተ ዓመት ዝሕደስ ሰነድ ትወስድ ምስ ናይ ክልተ ዓመት ናይ ጉዕዞ ሰነድ (ኣብታ ትወድቀላ ትሕደስ ግን ድሕሪ ግምገማ ናይ ኮምሽን) ።
- ናይ ዑቅባ ሕቶኻ ትንጸግ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ድማ ካብ ጥሊያን ክትወጽእ ትእዘዝ ፣ ኣብዚ ግዜ ይግባይ ንምባል ምስ ጠበቃ ተራኸብ ።

- ጉዳይካ ምስቲ ኩሉ ዘቕረብካዮ ተራእዩ ብንጹር ይንጸግ ። ኣብዚ እዋን ብውልቅኻ ካብ ምጥራዝ ዘደናጉዪ ነገራት ክህሉ ስለዝኽእል ጠበቃ ክትረክብ ከገድሰካ ኢዩ ነቲ ናይ ይግባይ ምባል ግዜ ክትጥቀመሉ ። ኣብ ገለ እዋናት እውን ጉዳይካ ዘየዕግብ ምስ ዝኸውን ብቁልጡፍ ንኽትወጽእ ዝእዝዝ ትእዛዝ ክመጻካ ይኽእል ኢዙ ስለዚ 30 መዓልቲ ዘይኮነ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልታት ክትባሃል ውን ትኽእል ኢኻ ።

ኣገዳሲ! ናይ ውቅባ ሕቶኻ ብኹሉ መንገዲ ተቐባልነት ረኺቡ ኣብ ኢድካ ድማ ኤለትሮኒካዊ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ምስ ዝህልወካ ናብ ናይ ኤውሮፓ ሕብረት ኣባላት ዝኾና ሃገራት ብዘይ መእተዊ ፍቃድ ተነውሐ ስጋብ 3 ወርሒ ብነጻ ናይ ምጉዓዝ መሰል ኣሎካ (ብዘይካ ዴንማርክ ፣ብርጣኒያ ፣ ኣየርላንድ)። እዩ ግና ነብስኻ ኪልካ ትኻዋዓዝ ምስ ትኸውን እዩ(ናይ መግብካን መደቀሲኻን ክትከፍለሉ ትኽእል ገንዘብ ምስዝህልወካ) ። ነቲ ካብታ ፍልይቲ ኮሚተ ንዝመጽእ መልሲ ዝምልከቱ ኣገባባት ብጥንቃቀ ኣንብቦም ምኽንያቱ መሰላትካ ኣብ ምፍላጥ ክሕግዘካ ስለ ዝኽእል ንተወሳኺ ሓቤሬታ እታ ጉዳይካ ትስምዕ ኮሚተ ንውሳነን ብዛዕባ መሰላትካን ንእትህቦ መልሲ ኣብዚ መርበብ ብምእታው ሓበሬታታ ክትፍትሽ ትኽእል ኢኻ (w2eu.info/italy.en/articles/italyasylum.html)

ኣገዳሲ! እዚ ኣብ ጥሊያን ኣብ ለካቲት 2017 ዝወጸ ሕጊ ናይ ይግባይ መስርሕ ኣብ ቤትፍርዲ ብጣዕሚ ኣኽቢድዎ ኢዩ ዘሎ ። ነቲ ጉዳይካ ዝከታተል ዳኛ (ጉዳይካ ካብ ኣፍ ናይ ምስማዕ )ብውልቂ ንምርካቡ ውን ጸቢብ ዕድል ኢዩ ዘሎ ። በቲ ካልእ ነቲ ኣብ ቀዳማይ ግዜ ዝመጻካ ናይ ምንጻግ መልሲ ይግባይ ንምባል ዝነበረ መሰል ኣብ ቤት ፍርዲ ዝስርዝ ኮይኑ ኢዩ ተሰሪሑ ዘሎ ።

# 6 ምዕራፍ ኣገደስቲ ኣድራሻታት ኣብ ጥሊያንከተመልክ

እዚኦም ኣብዚ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣድራሻታት ኣብ ጥሪ 2016 ዝተሓደሱ ኢዮም ። ኣብ መጻኢ ውን ካሎኦት ኣድራሻታት ኣብ ዝመጽእ ሕታም ናይዚ መወከሲ ክዝርግሑ ኢዮም ። ኣብዚ መወከሲ ብምኽንያት ጽበት ቦታ እተን ቀንዲ መቀበሊን

መጻንሒን ስደተኛታት ዝኮና ዘባታትን ከተማታትን ጥራይ ኢየን ተዘርዚረን ዘሎዋ ።ኣብዚ ክንርዶኦ ዘሎና ገለ ካብ ኣባላት ናይዘን ማሕበራትኣብ ውሱን ማዓልታት ወይ ሰዓታት ኢዮም ክንረኽቦም ንኽእል (ናይ ንግሆ ወይ ናይምሸት ፣ ካብ ሶንይ ክሳብ ዓርቢ

ጥራይ ) ።ኣብዚ መወከሲ ናይቶም ኣብቲ ከባቢ ዘሎኹሞ ማሕበራት ኣድራሻ ክትረኽቡ ተዘይኪልኩም ኣብ ከባቢኹም ዘሎዋ ማሕበራት ክትውከሱ ትኽእሉ ። to contact@w2eu.info or w2eu_info@yahoo.com and www.w2eu.info

ኣገዳሲ ! በዞም ኣብዚ መወከሲ ተዘርዚሮም ዘሎዉ ኣድራሻታት ዝዋሃብ ኣገልግሎት ኩሉ ብነጻ ኢዩ ። ናይ ጥሊያን መእተዊ ቁጽሪ ተዘይብልኩም 0039 ኢልኩም ኣብ መጀመርታ ብምጽሓፍ ክትድውሉ ትኽእሉ ።

ኣገዳሲ ! ምስ ብባሕሪ ናብ ጥሊያን ወይ ካሎኦት ሃገራት ክመጹ ዝተበገሱ ኣዝማድ ወይ የዕሩኽ ርክብ እንተሃሊዩካ በታ ናይ ሓደጋ ተሊፎን ንኽድውሉ ሓብሮም ። እዚ ቁጽሪ እዚ ናይ ሂወት ኣድሕን ቁጽሪ እክዋ ተዘይኮነ ግን ናይ ህጹጽ ቁጽሪ ኮይኑ ንሂወት ኣድሕን መስርሕ ትሓተሉ ኢዩ ።

ኣገዳሲ ! ስድራቤትኩም ወይ የዕሩኽቱኹም በቲ ናይ ጀላቡ ሓደገኛ መንገዲ ይግዋዓዙ ምስ ዝህልዉ እዛ ናይ ሓገዝ ቁጽሪ ኣዚኣያ ከተገድሶም ኢያ ። 0033486517161

ውሽጣዊ ኣድራሻታት ናይ ንጡፋት ኣባላት፣ማሕበረሰባውያን ምንቅስቃሳት ፣ወለንተኛታት ፣ ናይ ሰባኣውነት ማሕበራት ........ወዘተ ።

ኣብዚ መወከሲ ብዙሓት ኣድራሻታት ንብዙሕ ዓመታት ብንጥፈት ኣብ ሓፈሻዊ ሓገዛትን ውሕስነትን ንጉዳይ ስደተኛታትን ዘገልገሉን ንሰባኣዊ መሰላቶም ዝጣበቑን ትካላትን ወለንተኛታትን ክትረኽቡ ኢኹም ። ኣብቲ ኣድራሻ እንታይ ዓይነት ሓገዝ ተቀሪቡ ከምዘሎ ክትዕዘቡ ትኽእሉ ኢኹም ። ነዞም ትካላት ክትረኽቦም ምስ ትደሊ ኣየናይ ትካል ከም ዘገድሰካ ኣስተብሂልካ ተራኸብ ። ኣስተውዕል ኣብቲ ትቕመጠሉ ቦታ ዘሎዋ ማሕበራት ንስደተኛ ዘገድስ ኩሉ ሓበሬታ ክህባኻ ስለ ዝኽእላ ክትውክሰን ትኽእል ኢኻ ።

## ደቡባዊ ጥሊያን SUD ITALIA

### ሲሲልያ Sicilia

**Borderline Sicilia Onlus**

ሓበሬታ, ምቁጽጻር, ሓገዝ

# ናይ ሓበረታ ተለፎን ኣብ እዋን ሓደጋ

# + 334 86 51 71 61

ናይ ሓበረታ ተለፎን ኣብ እዋን ሓደጋ WWW.WATCHTHEMED.N

ናይ ሓበረታ ተለፎን ኣብ እዋን ሓደጋ WWW.WATCHTHEMED.N

እዚ ቁጽሪ ተለፎን ናይ ሓበረታ ደወልን ኣብ እዋን ድሕነት ንዝግበሩ ስርሒታትን ዘወሃህድ እምበር ናይ ድሕነት ኣይኮነን!

ሀ)ኣብ እዋን ሓደጋ ባሕሪ

1. ሓገዝ ንምርካብ ናብ ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ደውል
2. ናብዝ ናይ ሓበረታ ተለፎን ደወል፡ ንሕና ድማ ናብ ሓለዋ ገማግም ባሕሪ ሓበረታ ነመሓላልፍን ነቲ ናይ ድሕነት ስርሒት ንከታተሎን
3. ብቕልጡፍ ሓገዝ ምስ ዘይግበር፡ ኣብ መርበብ ሓበረታት ነቓልሖ፡ መንግስትታት ነቲ ናይ ድሕነት መስርሕ ንምቅልጣፍ ጽቕጠት ከገብሩን ንሕብር።

ለ) ኣብ እዋን ብግዲን ንድሕሪት ምምላስ

1. ናብ ናይ ሓበረታ ተለፎን ደወል፡
2. ክንሕግዝ ክንፍትን ኢና፡ ክንምስክርን ክንምዝግቦን ድማ ኢና ናብ መርበብ ሓበረታት ክነቓልሖን
3. መንግስትታትን ጸቕጢ ክገብሩን ክንሕብር ኢና

እንተ ተኻኢሉ፡ ብቋንቋ እንግሊዝ ወይ ፈረንሳ ክትዛረቡ ፈትኑ። | wtm-alarm-phone01@antira.in

borderline-sicilia@libero.it

facebook: Borderline Sicilia Onlus

LasciateCIEntrare campaign
email: info@lasciatecientrare.it
facebook: LasciateCIEntrare

(ሓበሬታን ሙቁጽጻር ኣብተን መቀበሊ ማእከላት)

## ፓሌርሞ PALERMO

### Forum Antirazzista di Palermo

ሓበሬታ, ሙቁጽጻር, ሓገዝ

forumantirazzista palermo@mail.com

facebook: Forum Antirazzista Palermo

### Osservatorio contro le discriminazioni razziali "Noureddine Adnane"

ሓበሬታ, ሓገዝ

palermonondiscrimina @gmail.com

facebook: Osservatorio contro le discriminazioni razziali Noureddine Adnane

3881749722

### Laici Missionari Comboniani

ሓበሬታ

3280920872

www.laicicombon ianipalermo.org

### Emergency: Poliambulatorio

ጥዕናዊ ሓገዝ ፤ማሕበራዊን ጥዕናዊን ምኽሪ፤ ሞንጎኛ ናይ ማሕበራዊን ባህላዊን ጉድያት ፤ ሓበሬታ

via G. La Loggia 5/a

0916529498

ሶኑይ –ዓርቢ ካብ ሰዓትስ 9 ቅድሚ ቀትሪ –7 ድሕሪ ቀትሪ

### Clinica legale dei diritti umani

ሓበሬታ ፤ ኣማኻሪ ሕጋዊ ጉዳያት

Piazza Bologni 8

ረቡዕ ካብ ሰዓት 3 –5 ድሕሪ ቀትሪ

facebook: CLEDU

## ካታኒያ CATANIA

### Rete Antirazzista Catanese

ሓበሬታ ፤ ፖለቲካዊን ንዋታዊን ሓገዝ

3803266160/ 3209532159

facebook: Rete Antirazzista Catanese

### Centro Astalli

በሬታ ፣ናይ ሕጋዊ ጉዳያት ሓገዝ ፣ጥዕናዊ ሓገዝ፣ትምህርቲ ቃንቃ ጥሊያን

Via Tezzano, 71

095535064

astallict@virgilio

### Community Center - Diaconia Valdese e Oxfam

ሓበሬታን ሓገዛትን

via De Felice 52

progetticatania@diaconiavaldese.it

ቁጽሪ ስልኪ: 3291275212 - 3296952351

### Civico zero - Save the Children,

ንትሕቲ ዕድመ መውዓሊ ን ሓበሬታን

via Gorizia 32°,34

3922831798

### LILA Catania

